# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 236 | 24 ሚያዝያ 2014 ሓሙስ | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ




ገጽ 3 ሲንጋፖር - ካብ ሳልሳይ ዓለም ናብ ቀዳማይ ዓለም

ገጽ 5 ቃልሲ ንምንባር - ምስ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም




ገጽ 8 ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ፡ ብልሳን ተጋዳላይ

ገጽ 10 ኣህዛብን ባህልታቶምን



ገጽ 11 ሞሪኖ ኢዱ ሂቡ




# ማይ-ዓይኒ፡ ኣብ ጀራዲን ዝተጠቕሙ ሰንኩላን ዝረኸብዎ ልቓሕ ደገፍ ኮይኑዎም ከምዘሎ ገሊጾም



ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ዝነጥፉ ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት፡ ካብ ማሕበሮም ዝረኸብዎ ልቓሕ፡ ስርሖም ከማዕብሉን ነብሶም ንክኽእሉን ከምዝሓገዞም ሓቢሮም።

ወኪል ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ምስግና ፍስሃየ ኣብ ሓበሬታኡ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ስንኩላን ብቑጠባ ነብሶም ንክኽእሉ ብዓይነትን ገንዘብን ልቓሕ ከምዝወሃቦ፡ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ልቓሕ ድማ ኣብ ጽላት ሕርሻ ንዝነጥፉ ኣልማዕቲ ጀራዲን ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ንጥፈታቶም ዝሕግዞም 26 ሞቶረታት ማይ ከምእተዓደላ'ውን ኣብሪሁ።

ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ካብ ተለቃሕቲ ድሮ ልቓሖም መሊሶም ነብሶም ኣብ ምኽኣል ደረጃ ከምዝበጽሑ ብምግላጽ ድማ፡ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ንሕርሻን ጥሪትን ምቹእ ከባቢ ብምዃኑ፡ ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ስንኩላን ኣብ ጥሪት ብምንጣፍ ነብሶም ንምኽኣል ከምዝጽዕሩ ኣረዲኡ።

ኣብ ከባቢ ሩባ ገንሰል ጀራዲን ኣብ ምልማዕ ዝነጥፍ ኣቶ ግርማይ ጸጋይ፡ ነቲ ስራሕ ክጅምሮ ምስ ተበገሰ ኣዝዩ ከምዝኸበዶ፡ ድሒሩ ግን ካብ ማሕበር ሞተረን ገንዘብን ብምልቓሕ ምስ ረኸበ ሕርሻኡ ከማዕብል ከምዝኸኣለ ብምምምልካት፡ ዘልመዖ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ ምህርቲ ኣብ ምእካብ ከምዝርከብ ሓቢሩ።

ኣብ ከባቢ ሓድሽ-ዓዲ ጀራዲን ኣብ ምልማዕ ተዋፊሩ ዝርከብ ኣቶ ኣርኣያ ብርሃነ ብግደኡ፡ ስራሕ ጀርዲን እንተድኣ ጽዒርካሉ ጽቡቕ እቶት ከም ዝሕፈሶ ብምግላጽ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሞተረ ተለቂሑ ብዘልመዖ ጀራዲን መነባብሮኡ ከመሓይሽ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፡ ዝጸንሖ መሬት ሕርሻ ብምስፋሕ ዝለዓለ እቶት ንምርካብ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

# ኣቑርደት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንዘወሃበን ስልጠናታትን ልቓሕን ብግቡእ ክጥቀማሉ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ደቂ-ኣንስትዮ ከርከር ምምሕዳራት ከባቢ ኢንጋርጋ ዓደርደን - ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ንዘወሃበን ስልጠናታትን ዝኸፈቱ ናይ ልቓሕ ዕድላትን ብግቡእ ተጠቒመን መነባብሮአን ዘመሓይሻሉ ባይታ ንምፍጣር ዝሕግዘን ኣስተምህሮ ተዋሂበን።

እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ኣገባብት ልቓሕን ምሕደራኡን ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ዕላማ'ቲ ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ተወዲቡ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ ዝወሃቡ ስልጠናታትን መጠነ ንኡስ ናይ ልቓሕ ዕድላትን ብግቡእ ክጥቀማሉ ዝሕግዘን ሜላታት ብምንጻር፡ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮአን ለውጢ ንምምጻእ ክሕግዝ ከምዝኾነ፡ ኣብ ጨንፈር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወይዘሮ ፋጥና ዓሊኑር ኣብሪሃ።

ወይዘሮ ፋጥና ኣስዒባ፡ ኣብ ጠቕላላ እዋናት ክዋሃቡ ዝጸንሑ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ናይ ልቓሕ ዕድላትን ናይ ምጥያስ መደባትን እወታዊ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ብምምልካት፡ ብዙሓት ዘለዋ ዝተወሃበን መልክዑ ክቕጽል ምዃኑ ገሊጻ።

# "ልምዓታዊ መደባት ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ጽቡቕ ኣብነት'ዩ" ወከልቲ ኣህጉራውያን ውድባት

ኣብ ኤርትራ ዝሰላሰል ዘሎ ኮም ዝሰረቱ ልምዓታዊ መደባት ብሓፈሻ፡ ተዋዲዱ ዘሎ ዝርጉሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ህዝቢ ኣሰራጽዎ ዘሎ ናይ ስራሕ መንፈስ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት'ውን ዘሎ ፍታሕ ዘመጽእ ብምዃኑ፡ ነተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ጽቡቕ ኣብነት ከምዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዑደት ዘካየዱ ወከልቲ ኣህጉራውያን ውድባትን ትካላትን ገሊጾም።

እቶም ንዝተፈላለያ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ዝውክሉ በጻሕቲ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ውሑድ ናይ ናጽነት ዕድመኣ ብዘካየደቶ ብሉጽ ስርሓት፡ ቅልጡፍ ምዕባለ ካብ ዘርጋገጸ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ ሓንቲ ክትከውን ከምዝበቕዐት ጠቒሶም፡ ውሕስነት ማይ ንምርግጋጽ ንዝተዋደዱ ስርሓት ኣድኒቖም።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ተሰሪሐን እኽሊ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# መንእሰያት ኣፍረይትን ንቑሓትን ክኾኑ ናይ ኩሉ ዜጋ ጻዕሪ ዝሓትት ምዃኑ ተገሊጹ

መንእሰያት ናይ ተባላሓትኦትን ፈጠራውነትን ዓቕሞም ኩብ ብምባልን ባህሎም ብምኽባርን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ሃገር ኣበርክቶኦም ንኸዕዝዙ ውሁድ ጻዕሪ ክካየድ፡ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ምስ ወለዲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ማዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉብሩ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንቑሕ፡ ውፉይን ተቐባሊ ሕድሪን መንእሰይ ኣብ ምፍጣር ዝተፈላለየ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ወለዲ ኣብ ቤቶም ንመንእሰያት ደቆም ዘድሊ ምኽሪ ብምሃብ ታሪኽ ሃገሮምን ባህሊን ክብርታትን ሕብረተሰቦምን ንኽፈልጡ ክመኽሩን ክከታተሉን ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወገኑ፡ መንእሰያት ንቑሓት፡ ኣፍረይትን ብሩህ መጻኢ ዘማዕድዉን ንክኾኑ፡ ንዝተወሰኑ ኣካላት ዝግደፍ ሓላፍነት ዘይኮነ፡ ናይ መላእ ሕብረተሰብ ሓላፍነት'ውን ምዃኑ ብምብራህ፡ ኣቡቲ ዕማም ወለዲ ቀንዲ ተዋሳእቲ ክኾኑ ኣተሓሳሲቡ።

ወለዲ ብወገኖም፡ ድኽመታቶም ተገንዚቦም ደቆም ኣብ ምኽትታልን ታሪኽ ኣብ ምውራስን ክሰጥፉ ምዃኖም ብምሕባር፡ መንእሰያት በቲ ቅኑዕ መገዲ ንኸምእዘዙ ዝሕግዝ ኃሳጋሳት ክሕይል ተማሕጺኖም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ንጉዳይ ትምህርቲ ዝምልከት ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ።

ኣብቲ ዓውደ-ዘተ፡ ትምህርቲ መሰረት ኩሉመዳያዊ ምዕባለ ሕብረተሰብን ሃገርን ስለዝኾነ፡ ወለዲ ነዚ ብምግንዛብ ደቆም ናብ ትምህርቲ ክልእኹን ኩነታቶም ብቐጻሊ ክከታተሉን ተላብዩ።

# "ልምዓታዊ መደባት ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ንዘርክቦ . . .

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

ማይ ሐዘን ዝለዋ ዲጋታት ይግዓርን ባልዋን ከምኡ'ውን ሕርሻ ዒላብርዕድ፡ ኮሊኖት ሓመልማሎን ሕሩም ሕዛእቲ ገሉብን ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህፍታም ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ'ውን ዕውት ስርሓት ተዓሚሙ ምህላዉ. ንኣድማዕነት ናይቲ ስራሕ ዘረጋገጸ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ናይ ስራሕ መንፈስ ከዕቅብን ናብ መጻኢ ወለዶታት ክሰጋገርን ኣዘኻኺሮም።

እቶም ወከልቲ ኣህጉራውያን ውድባትን ትካላትን ኣብ መወዳእታ፡ ብመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንዝተገብረሎም ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋን፡ ንዝተዓዘብዎ ልምዓታዊ መደባት ከም ተመክሮ ኣብ ካልኦት ሃገራት ከምዝሰርሕሉ ብምምልካት፡ ምስ ኤርትራ ዝለዎም ሽርክነታዊ ዕዮ ክብ ንኸብሉ ልዑል ድሌት ከምዘለዎም ኣረጋጊጾም።


## መዓልታዊ ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

saha@zena.gov.er

ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

bife@zena.gov.er

ቍ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 125394-08204224

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጴጥሮስ

ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ


# ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ብምኽንያት ሃገራዊ መዓልቲ ንባብ

ማሕበር ቤተ-መጻሕፍትን ሓበሬታን ኤርትራ ምስ ሚ/ሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር፡ ብኣጋጣሚ'ቲ ካብ 10 - 11 ግንቦት 2014 ዝካየድ ሃገራዊ መዓልቲ ንባብ፡ 20 ሕቶታት (5 ሕቶታት ኣብ ተኸታታሊቲ 4 ሕታማት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ) ካብዚ ሕታም እዚኣ ጀሚሩ የቕርብ ኣሎ።

## ተወዳደርቲ ክማልእዎ ዝግባእ

ሀ. ናይ መልሲ ወረቐት፡ እቲ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝተዳለወ ማብቆላዊ መውሃቢ መልሲ ይኸውን።

ለ. ኩሉ መልስታት ኣብ ሓንቲ መመለሲ ወረቐት ተጠርኒፉ ይቐርብ።

ሐ. መልሲ፡ ነታ ቅንዕቲ ክቢ ብምጽላም ይወሃብ።

መ. ብዘሐ ዕወታት ካብ 3 ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፡ ኣዳለውቲ ውድድር ንዕወታት ብዕጫ ናይ ምፍላይ መሰል ኣለዎም።

ረ. ተወዳደርቲ መልስታቶም ክሳብ ዕለት 13/05/2014 ናብ ኣዳለውቲ ውድድር ይልእኩ። ድሕሪዚ ዝተጠቐሰ ዕለት ኣታዊ ዝኸውን መልሲ ተቐባልነት የብሉን።

ሰ. ኣስማት ዕወታት ድሒሩ ኣብ ዝሕተም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ክግለጽ እዩ።

ሸ. እቲ ሽልማት፡- ንቐዳማይ ዕወት 5000 ናቕፋን 5 መጻሕፍትን፡ ንካልኣይ 4000 ናቕፋን 5 መጻሕፍትን፡ ንሳልሳይ ድማ 3000 ናቕፋን 5 መጻሕፍትን'ዩ።

ቢ. ተሳተፍቲ ናይ መልሲ ወረቐትኩም ኣብ ሰታሪት ዓሺግኩም፡ እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ትጽሕፉሉ "ናብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ብኣጋጣሚ መዓልቲ ንባብ ቁ.ሳ.ጶ 247"

ብዘይካዚ ብመገዲ'ቲ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝርከብ ናይ ኢመይል ኣድራሻ'ውን ንቕበል ኢና። ወይ'ውን ብመገዲ'ቲ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ኣድራሻ ማሕበር ቤት መጽሓፍትን ሓበሬታን ኤርትራ ክትሰዱዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ሳልሳይ ክፋል ሕቶታት

11. ናይ ሰለሙን ድራር ድርሰት ዘይኮነት መጽሓፍ፣
    a) መኸተ b) ዕጫ ሓንቲ ሰድራ
    c) ሳሕል፡ ሕሩይ ግጥምታት ቃልሲ d) ኤርትራውያን ኮማንዶ። ቀያ 18 ደቓይቕ
12. ፍጥነት ኣናብባናን ርድኢትናን ጥቡቕ ዝኾነ ምትእስሳር ኣለዎም፣
    a) ቅኑዕ b) ጌጋ
13. ብቛንቋ ኩናማ፡ ብሳንቲና ደበሳይ ዝተደርሰት መጽሓፍ ርኸብ፣
    a) Arra Samma b) Akida
    c) Note Grammaticali Di Lingua Cunama d) Gomata Dede Maja Damanala
14. ሓሙሽተ ሕጋጋት ላይብረሪ ሳይንስ ብመን ተጻሒፉ?
    a) Melvil Dewey b) S. R. Ranganathan
    c) Michael Gorman d) Winston Churchill
15. ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይተን ኣብ 1994 ብምስማይ ጉብረሂወት ዝተደርሳ ሰለስተ መጻሕፍቲ እንታይ'ዩ?
    a) ጥዕና b) ፍልስፍና
    c) ብረታዊ ቃልሲ d) ፍቕሪ

## መልስታት መቕረቢ ወረቐት

| ሕቶ | መልሲ | | | |
|---|---|---|---|---|
| | a | b | c | d |
| 1. | O | O | O | O |
| 2. | O | O | O | O |
| 3. | O | O | O | O |
| 4. | O | O | O | O |
| 5. | O | O | O | O |
| 6. | O | O | O | O |
| 7. | O | O | O | O |
| 8. | O | O | O | O |
| 9. | O | O | O | O |
| 10. | O | O | O | O |

| ሕቶ | መልሲ | | | |
|---|---|---|---|---|
| | a | b | c | d |
| 11. | O | O | O | O |
| 12. | O | O | | |
| 13. | O | O | O | O |
| 14. | O | O | O | O |
| 15. | O | O | O | O |
| 16. | O | O | O | O |
| 17. | O | O | O | O |
| 18. | O | O | O | O |
| 19. | O | O | O | O |
| 20. | O | O | O | O |

ምሉእ ስም ተሳታፊ: ______________________

ኣድራሻ፡ ዞባ__________ ንኡስ__________

ጎደና፡ __________ ቁ. ገዛ __________

ቁ. ተሌፎን __________ ቁ. ሳጥ __________

ማሕበር ቤተ-መጻሕፍትን ሓበሬታን ኤርትራ
ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ብምኽንያት ሃገራዊ መዓልቲ ንባብ
ቁ. ሳ. ፖ. 7409 - ተሌ፡ 110312
ኣስመራ ኤርትራ




# ሲንጋፖር - ካብ ሳልሳይ ዓለም ናብ ቀዳማይ ዓለም

መጽሓፍ "ካብ ሳልሳይ ዓለም ናብ ቀዳማይ ዓለም" (From Third World to First World) ብቐዳማይ ሚኒስተር ሲንጋፖር (1959-1990) ነበር ሊ. ኩዋን ዩ እያ ተጻሒፋ። ሲንጋፖር ከም ሃገር ክትቀውምን ናብዚ ሕጂ ዘሎቶ ቀጠባዊ ምዕባለ ክትበጽሕን ብዙሕ ዝሓለፈቶ መድረኻት ከኣ ተዘንቱ። ቀጠባዊ ምዕባለን ፖለቲካዊ ኣቃውማን ጉጅለ ኣሲያን'ውን ተዘንቱ'ያ። ሊ. ኩዋን ዩ ነታ ቅድሚ ኣርባዕተ ዕቑድ ድኻን ብዮሌታዊ ግጭት ትሕመስን ዝነበረት ንእሽቶ ደሴት ግዝኣት እንግሊዝ ናብ ሓንቲ ሃብታምን ዘመናዊትን ዓባይ ከተማን ሃገርን ዝቐየረ መራሒ'ዩ። ሊ. ኩዋን ዩ ብ1954 "ፒፕልስ ኣክሽን ፓርቲ" ዝተባህለ ሰልፊ ብምምስራት ብ1959 ኣብ ዝተገብረ ምርጫ ኣብ ማእል 35 ዓመት ዕድመኡ ናይ ፈለማ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ኮይኑ ዝተመርጸ'ዩ። ኣገዳስነታ ተረዲእና ድማ በብኽፋሉ ናቕሉም ኑበላ ኣለና - ሰናይ ንባብ።

8ይ ክፋል

ካብቲ ፈለማ ስልጣን ዝሓዝናሉ እዋን - ሰነ 1959 ንደሓር፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣብ ኢድና ትኣቱ ዶላር ብግቡእ ከምትተሓዝን ናብቶም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ተጠቀምቲ ከይተሸራረፈት ከም ትበጽሕን ኣረጋጊጽና ኢና። ብእዋኑ ከኣ ኣብቶም ስልጣንካ ተጠቒምካ ንውልቃዊ ረብሓ ክትምዝምዘሎም እትኽእል ዓውድታት ፍሉይ ቆላሕታ ብምግባር፡ ነቲ ንጥፈታት ዘለሊ፡ ዝከላኸልን ዝጻባእን መሳርሒታት ኣዋዲድና።

ነዚ ዕማም'ዚ ክከታተል ዝተመዘዘ ትካል፡ ነቲ ኣብ ታሕተዎትን ማእከሎትን ሓለፍቲ፡ ፖሊስን ወተሃደራት ከተማን ጊኑ ዝነበረ ብልሹውና ንምቁጽጻር ኣብ 1952 ብመንግስቲ ብሪጣንያ ዝቖመ ትካል ቤት/ጽ መርመራ ጸረ-ብልሽውና'ዩ። ነዚ ግን ከምዘለዎ ክንጥቀመሉ ኣይመረጽናን። ኣብ 1960፡ እቲ ግዜኡ ዝሓለፈ ናይ 1937 ንጸረ-ብልሽውና ኣመልኪቱ ዝወጸ ሕጊ ከምዝቕየር ተገብረ። መርመርቲ፡ ኣብ ቀይዲ ከእትዉ፡ ተፍትሽ ከካይዱ፡ ናይ ዝተጠርጠሩ ሓለፍትን ኣንስቶምን ወይ ድማ ደቆም ናይ ባንክ ሕሳብ ክምርምሩ ስልጣን ተዋህቦም። ዳይረክተር ቤት/ጽሕፈት መርመራ ጸረ-ብልሽውና፡ ኣብ ትሕቲ ቤ/ጽ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ነቶም ንሓደራ ህዝቢ ዝጠልሙን ንውልቃዊ ረብሓኦም ዘቐድሙን ኣብ ምልቃም ዓቢ ዝና ኣጥሪዩ እዩ።

እቶም ዓበይቲ ጉዳያት ብልሽውና ኣርእስተ-ዜና ይስርሓሎም ነይሩ። ኣብ መንጎ 1960ታትን 1980ታትን ብዙሓት ሚኒስተራት ብብልሽውና ገበነኛታት ኰይኖም ተረኺቦም'ዮም። ኣብ 1998፡ በርሊን ዝመደበሩ "ትራንስፓረንሲ ኢንተርናሽናል" ዝተባህለ ትካል፡ ካብተን ብልሽውና ዘይብለን ዝበሃላ ሃገራት ዓለም ንሲንጋፖር ኣብ ሻውዓይ ተርታ'ዩ ሰሪዑዋ። ብላዕ ምቕባል ወይ ጉቦ ምሃብ ልሙድ ህይወት ኤሲያውያን'ዩ። ህዝቢ ከም ኣካል ባህሉ ገይሩ ተቐቢልዎ'ዩ። ብዘይስክፍታን ሕብእብእን ከኣ ይሰርሓሉ። ሚኒስተራትን ካልኦት ሰበ-ስልጣንን በቲ ዝረኽብዎ ደሞዝ ዝዓግቡ ኣይኮኑን። ምስ ዕብየት ስልጣን መንበሪኦም የዕብዩ፡ ኣንስቲ የብዝሑ....።

ዴስፖታዊ ሰልፊ ቻይና፡ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ቅንዕናን ተዋፋይነትን ኣብ ምምጻእ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ኣብ 1950ታትን 1960ታትን ኣብ ቻይና፡ ኣሳሰይቲ ሆቴላት ወዲቖ ዝረኸባኦ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ቅንጣብ ከየጉደላ የረክባኦ ነይረን። እንተኾነ ባህላዊ ሰውራ(Cultural revolution) ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ኣብ 1966-1976፡ እቲ ነጊሱ ዝነበረ ቅንዕናን ተዋፋይነትን ተዘሪጉ'ዩ። ነፍሰ-ፍትወት፡ ሰበይሰብካን ሕቡእ ብልሽውናን ነቲ ላዕላዋይ ጽፍሒ ከይተረፈ በሪዙዎ'ዩ። እቶም ምስሉይ ሰውራውነት ዝተሓንገጡ ተበለጽቲ መተባብዒ ተባሂሉ ሓለፋ ምስ ረኸቡ፡ ንሕብረተሰብ ውርደት'ዩ ነይሩ። ብዙሓት ንጡፋት ዴስፖታውያን ኣምሳያ ናይቲ ኣብ ሰውራ ዘሕለፉዎ ዕድመኦም ሃብቲ ንምድላብ ኩሉ ክገብሩዎ ዝኽእሉ ገይሮም'ዮም። እዚ ተርእዮ ኣብ ቬትናም'ውን ተኸሲቱ'ዩ። ኣብ ክልተኦም ስርዓታት፡ ብሰንኪ ብልሽውና እቲ ዘኹርዕ ሰውራዊ ባህሎም ተበሊሉ'ዩ።

እቲ ቀንዲ ኣብ ሃገራት ኤሲያ ኣሰካፍን ኣዕናውን ኰይኑ ዘሎ፡ ኣብ እዋን ምርጫ ዝግበር ዘይተኣደነ ወፍሪ'ዩ። ንኽትምረጽ ብዙሕ ገንዘብ ተውጽእ፡ ምስ ተዓወትካ ድማ ወጻኢታትካ ንምምላስን ኣብ ዝቕጽል ምርጫ ዝውዕል ገንዘብ ንምእካብን ብልሽውና ስርሐይ ኢልካ ትተሓሓዞ። ኣብ 1990ታት፡ ኣብ ታይዋን ኣባል ሓጋጊ ኣካል ኴንካ ንኽትምረጽ ካብ 10 ክሳብ 20 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ትገብር። እቲ ዝኸበረ ኣገባብ ምርጫ ግን ናይ ጃፓን'ዩ። ሓደ ጃፓናዊ ሚኒስተር ወይ ኣባል ባይቶ ስልጣኑ ንኽዕቅብ ኣብ ዓመት ሓደ ሚልዮን ዶላር የውጽእ። እዚ ወጻኢታት ንናይ ቀረባ መሳርሕቱ ንምድጋፍ፡ ንጽምብላት ዕለተ-ልደት፡ መርዓን ደበስን ደገፍቱ ህያባት ንምዕዳግን ይውዕል።

ምዕራባውያን ሊበራላውያን፡ ህላወ ገደብ ዘይብሉ ፍኑው መራኽቢ ብዙሓን ንብልሽውና ብምቅላዕ ንጹህን እሙንን መንግስቲ ክህሉ ከምዘሕግዝ'ዮም ዝማጎቱ። እንተኾነ ናጻ ፕረስን ፈነወ ቴለቪዥናትን ኣብ ህንዲ፡ ፊሊፕንስ፡ ታይዋን፡ ታይላንድ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ንዝተራእየ ዓሚቝ ሰረት ዘለዎ ብልሽውና ክገትኦ ኣይከኣለን። ናጻ ፕረሰ መሳርሒ ብልሽውና'ዩ። ናይዚ ናይ ቀረባ ኣብነት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢጣልያ ነበር ሲልቭዮ በርላስኮኒ'ዩ። ንሱ፡ ብብልሽውናን ምጥፍፋእን ተኸሲሱ እንከሎ'ዩ ኣብ ምርጫ ተወዳዲሩ።

ሲንጋፖር ግን ንጹህን ብዘይ ገንዘባዊ ወጻኢታት ዝካየድ ምርጫን፡ እሙን መንግስቲ ንኽትተክል ከምዝሕግዝ ኣመስኪራ'ያ። እንተኾነ ሲንጋፖር ነዚ ዓቂባ ንኽትቅጽል ኣብ ምርጫ ተወዳዲሮም ቤት ጽሕፈታት ክሕዙ ፍቓደኛታት ዝኾኑ እሙናትን ክኢላታትን ዜጋታት ምስ ተፍሪ ጥራይ እዩ። ሓለፋ ከይተጸበዩ በቲ ብመጠን ብቕዓቶምን ሞያኦምን ዝኽፈሎም ደሞዝ ክዓግቡ ኣለዎም። ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ዓመታዊ ካብ 8 ክሳብ 9 ሚእታዊት ቀጠባዊ ዕብየት ከርኢ ዝጸንሐ ቀጠባ ሲንጋፖር ብግቡእ ከመሓድሩዎ ኣለዎም። እዚ ዕብየት ቀጠባ'ዚ ኣብ 1995 ብመጠን ኣታዊታት ዜጋታት ተለኪዑ ብዓለማዊ ባንኪ ኣብ 9ይ ደረጃ ተሰሪዑ'ዩ።

ሲንጋፖር፡ ሳዕቤን ናይቲ ኣብ ምርጫ ንምዕዋት ዝግበር ገንዘባዊ ወጻኢታት ስለዝተረድኦት ኣልያቶ'ያ። ቅድምን ድሕርን ምርጫ ንኣድመጽቲ ዝወሃብ ህያብ የለን። ህዝቢ ንዓና ብተደጋጋሚ ክመርጽ ዝደረኾ ገንዘብ ስለዝሃብና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ስራሕ ስለዝፈጠርናሉ፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሆስፒታላትን ማእከላት ጥዕናን ስለዝሃነጽናሉን ገዛ ከምዝውንን ስለዝገበርናዮን። ኣብቶም መሰረትቲ ወለዶ መሪሕነት ቅንዕናን ተዋፋይነትን ባህሊ ኮይኑ'ዩ። ብጾተይ ንኹሉ ዓይነት ንምስዓዕ ዝግበር ፈተነታት ፍጹም ኣይቕበሉዎን'ዮም። ተወዳዲሮም ስልጣን ንኽሕዙ ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ፡ ሃብቲ ንምኽዕባት ዘይኮኑ ሕብረተሰብ ንምቕያር'ዮም። እዚ ይኹን'ምበር፡ እዚ ጉጅለ'ዚ ሕጂ ከተባዝሖ ኣይትኽእልን ኢኻ። ምኽንያቱ፡ እቲ ንዕኦም ፍሉይ ዝገበሮም ኩነታት እንደገና ክትፈጥሮ ዝከኣል ኣይኮነን። ተካእትና ስልጣን ሚኒስተር ምሓዝ ከም ሓደ ኣማራጺ ሞያ

ደኣ'ምበር ከም ሓደ ኣዝዩ ሰሓቢ ስራሕ ኣይኮኑን ዝመርጹዎ። እቶም ሚኒስተራት እንገብሮም ካብቲ ካልእ ስራሕ ብምስራሕ ክኽፈሉዎ ዝኽእሉ ዝውሕድ ደሞዝ እናተኸፍሉ ኣብ ቤት/ጽ ብዙሕ ክጸንሑ ክንጽበ ኣይንኽእልን ኢና። ምስ ልዑል ቀጠባዊ ዕብየትን ኣታውን ደሞዝ ሚኒስተራት ምስ ኣብ ብሕታዊ ጽላት ዝሰርሑ መዛንኦም ክመጣጠን ኣለዎ። እዚ ክበሃል ከሎ ግን ነቲ ስራሕ ብብቕዓት ተወዳዲሮም ክኣትውዎ ኣለዎም። እቶም ትሑት ደሞዝ ዝኽፈሉ ሚኒስተራትን ካልኦት ሰብ መዝን'ዮም ከኣ ንብዙሓት መንግስታት ኤስያ ዘዕነዉ። ንትሑት ደሞዝ ከም መመኽነይታ ተጠቒሞም መሓውራት መንግስታት ናይዘን ሃገራት ኣመሽሚሾሞም'ዮም።

ጽሬትን ምግራብ ሲንጋፖርን ሓደ ካብ ቀንዲ ንጥፈታተይ'ዩ ነይሩ። ኣብ 1960ታት፡ ጸረ-ጺቕታ(ጡፍ ምባል) ወፍሪ ኣተኣታትየ። ይኹን'ምበር ኣብ 1980ታት፡ ገለ መራሕቲ ታክሲ ብመስኮት መኪናኦም ጡፍ ዝብሉ ነይሮም። ሓደ ሓደ'ውን ኣብ ዕዳጋታት፡ መዘናግዒ ማእከላትን ቤት መግብን ጡፍ ዝብሉ ነይሮም። ኣብ ቤት ትምህርትታትን ብመገዲ መራኸቢ ብዙሓንን፡ ጺቕታ፡ ከም ዓባይ ሰዓል ዝኣመሰሉ ሕማማት ከማሓላልፍ ከምዝኽእል ጸቒጥና ጎስጒስናሉ። ሎሚ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ጺቕ ዝብል የለን።

ድሕሪ ናጽነት ሓደ ካብ ሳልሳይ ዓለም ክፈልየና ዝኽእል መሳጢ ንጥፈት ሃሰው ኢለ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ጽርይትን ቀጠልያን ሲንጋፖር ተራእየትኒ። ሓደ ክፋል ናይቲ ዝሓንጸጽኩዎ ስትራተጂ፡ ንሲንጋፖር ኦኣሲስ ደቡባዊ ኤሲያ ምግባር'ዩ። ናይ ቀዳማይ ዓለም ደረጃ ብምሓዝ ሰብ ዋኒንን በጻሕትን ጠመተኦም ሲንጋፖር ዘይኮነሉ ምኽንያት የለን። ኣብ ዞባ ሳልሳይ ዓለም ኴንና፡ ናብ ደረጃ ቀዳማይ ዓለም ንምድያብ፡ ንሲንጋፖር ናብ ትሮፒካዊት ለምለም ክንቅይራ መደብ ሓንጺጽና። ገረብ ምትካል ድማ ተተሓሒዝናዮ። ነቲ መደብ ንምዕዋት፡ ንዝተተኽለ ገረብ ዝከታተል ሓደ ክፍሊ ከምዝድሊ ደምዲመ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት ከም ዝቐውም ድማ ገይረዮ። በዚ ኣጋባብ'ዚ፡ ሚልዮናት ፈልሲ ገረብ ተኺልና። ኣብ ጥቅምቲ 1971፡ ኩሎም ኣባላት ባይቶን ማእከላት ማሕበረ-ኮማትን ዝሳተፉዎ ዓመታዊ ዝቐየድ ወፍሪ ምትካል ገረብ ኣዊጀ። ነቶም ጠንቂ ርስሓት ኰይኖም ዝጸንሑ፡ ኣብ ጎደናታት ኮይኖም መግብን ካልእ ነገራትን እናሸጡ ዝነብሩ ትሑት ኣታዊ ዝነበሮም ሰድራቤታት ናብ ብግቡእ ተወጢኑ ዝተሰርሐ ቦታ ኣግዒዝናዮም። ምሕዳስ ከተማን ምጉዓል ብኸላን'ውን ገለ ካብ ኣገደስቲ ዝቐደድናዮም ንጥፈታት'ዮም ነይሮም።



ይቕጽል...

ነጋርያም የውሃንስ

ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ፍጡር ክልተ ዓለም


"ጽሉል እዩ"ዶ በልኩም! ብሓቂ ተጻሊሉ ኣሎ። ንሱ'ውን "እወ ተጻሊለ ኣለኹ" ምባልኩም'ሞ፡ ግናስ ከም ዝተጻለለ ከመይ ኣቢሉ ክፈልጥ። ንሱ ዓለም'ዩ ቀይሩ። ዓለም ምቁር ዕቡዳን! ዓለም ፈንጠዚያ ሓሳቡት። ኣብ'ቲ ብክውንነት ዘይዕጉተሉ መንፈሱ፡ ነዛ ዓለም ኮረር እናበለ ክጻወተላ፡ ከም'ዛ ሓንቲ ለሚን ኣብ ርሓት ኢዱ ኣቐሚጡ እናጸማጠለ ክዕዝባ፡ ጸላማ ብሉፍታ እናከፈ ከጻዕድዋ፡ ባህ ዝበሎ ሕውስዋስ ሕብሪ ክቕብኣ፡ እሽኻ ብወረጦ ክሰቕሰላ፡ ባህ እንተበሎ እውን ኳኺቶ ክዘርኣላ መን ይዓግቶ! በትረ ስልጣን ክጭብጥዶ ኣይኮነን ክሳብ ዓንቀሩ ዝተጻለለ! ማዕረ ፈጣሪ ክኸውንዶ ኣይኮነን ብኣኽናፍ ዕቡዳን ዝበረረ! "ንፈጣሪ ክፈጥሮ እየ" እንተበለስ መንዶ ዳኛ ኣለዎ እዩ! ባዕሉ ዝፈጠራ ዓለም፡ ባዕሉ እዩ ዝመርሓ።

ካብ ናይ በይኑ ዓለም እልይ እንኽብል፡ ተጻሊሉ ምንባሩ ስለ ዘይርደኣሉ፡ "ጽሉል" እንተ በልኩሞ - እንተ ዝምለስ ሕንጻይ ምኹነ'ሞ፡ ዘዘብልኩሞ ምደገሙ። "እቲ ጥዑይ ሰብ" ድማ ምባልኩሞ። "ዕቡድ" እናበልኩሞ፡ ንዕቡዳኑ ሃረር ትብልዎ ምኻንኩም ከኣ'ባ ይፍለጠኩም ኣሎ። እቲ ኣብ ዓለምኩም ኣራጢጡ "ጥቡብ እቕልበኩም ኣለኹ" ዝብል እውን፡ ቅጭ እናመጸኩም "ጥበበይና" ኢኹም ትብልዎ። "ዕቡድ" ክትብልዎ ኣይትደፍሩን። ብሕብረ ሓሳባት እንተ ዝመልኣኩምስ፡ እናፍቀርኩሞ "ዕቡድ" ምባልኩሞ። ንሱ ግን ሕንጻይ ምኻኑ ይፈልጥ እዩ። ሕንጻይ ምኻኑ ዘይፈለጡ ጎፍ እንኽብልዎ ብታሕጓስ ጭድድ ክብል እዩ ዝደሊ። ቀንቀር ጥበቡ ብሕመት ተዓቢሱ ምርኣይ ካብ ዝኸልኣ ኣትሒዙ፡ ካብ ህጻንነቱ ተፈላልዩ እዩ። ዕትብቲ ጥበቡ ኣድሪቓዮ። ብርዑ - ኑቲ ጻዕዳ ወረቐት ብሕብሪ ኣእምሮ ዘይቀብኡ . . . ንጥቡባውን ብጥርሑ እዩ ዘልዕሎ'ሞ፡ እዛ ዓለም ንሱ ጥራይ እንተ ዝነብረስ ከመይ ማሳልከይት ኩን ምኾነት! መሬት ብጾሓይ ከም እትበርህ ዘይፈልጥ ኣሎዶ ትብሉ? ንሽንቱ ኣብ ወረቐት ዝዘርኡ ፈደላት፡ ከይፈረዩ እዮም ዝነብሩ። ብዘይ ሂወት ዝዓብን ዝፈርን ተኽሊ መዓስ ኣሎ ኩይኑ። እቲ ዝዘርኦም'ኳ ተመሊሱ ቁሊሕ ኣይብሎምን። እንኮ ዝትርኢቱ ምስሊ መን ቁልሕ ክብሎ ይኽእል!

እታ ሽቃጢት መስተ'ኳ ኑየም ቀንዲ-ቀንዲ ዓማዊላ ግርምገይራ'ያ እትፈልጦም። ክሳብ ዝሰልክዩ ለሚዳቶም። ሓደሽ ነገር ካብ ዘይትርእየሎም እዋን ሓሊፉ። ኣብ ገዘኣ ምስ ኣተዉ ዕለታዊ ተግባራቶም እንታይ ከም ዝኸውን ኣቐዲማ እያ እትፈልጦ። ሰለምታ ኣቐዲሞም ይኣትዉ፡ ትቐድሓሎም፡ ይሰትዩ፡ ገንዘብ ይኸፍሉ፡ ቤታ ዝኣተውዋ ማዕጾ ይወጹ. . . ኣብ ዝሰዐበ እዋን ድማ ከምኡ። ኣብ ፈለማ ምጽኣቶም ትጥምቶም'ሞ፡ ብውዑይ እንግዶት ትቕበሎም፡ ደሕሪ ገለ መዓልታት እንግዶታን ጠመተኣን ተጉድል፡ ጸንሕ ኢላ ቁሊሕ ክትብሎም'ኳ ይሰልክያ። 'ቲ ዕዮ መናበሪኣ እንተ ዘይከውንስ፡ "በጃኻትኩም ኣዒንተይ ሙብረ ደልየን ኣለዋ!" ምበለቶም። ካብ'ቲ ብሩኽ ዓሚላ ንላዕሊ፡ እቲ ኣሸጋሪ ጋሻ ይምስጣ። "እምብሕ" ዝበለ ሓደሽ ነገር ንኣእምሮኣ የበራብሮ። ካብ'ቲ ወትሮ እትረኽቦ መዓር፡ ሓደሽ ዕረ ትመርጽ።



© Can Stock Photo - csp6139463



ጥበብ ኣራግ እዩ። ደብሮም ዝበሎ ዓንደም እንተ ደገሞ፡ ናብ መእለይ ኣረጋውያን ከፋንዎ እንተ ዘይከኣሉ፡ ጥበብ ህጻን ስለ ዝደለስ ቦታ ኣይክሓዝኣሉን'ዩ። ጥበብ ኣብ ፍጡር ክልተ ዓለም እዩ ዘሎ።

ዝጻወሮ ኣይኮነን። ኣእምሮ እንክኩዳእ ጽላለ ይሰዕብ ትብልዎ። ካብ ጥበብ ሓሳባት ዝረሓቐ ጽላለ። ውዱንነት ዝሰኣነ ጽላለ። ኣእምሮ ብኣኽናፍ ተምሳጥ እንክፍንጥዝ እውን ጽላለ ኢኹም ትብሉዎ። ብሕብረ ሓሳባት ዝተለቕለቐ ጽላለ። ካብ'ዛ ክውንነታዊት ዓለም ሃጽ ኣቢሉ፡ ኣብ ዓለም ሕልሚ ዘንበር ጽላለ!

እቲ "ጽሉል" እትብልዎ ዘለኹም ጋሻ ካልእ ዓለም፡ ናብ ዓለምኩም እናላሕጸጸት፡ ብጾዕረ ሞት እዩ ጥበብ ዘናዲ። ኣብ ሰከቦት መንት ተጠናኒጉ፡ ብሓረግ ክውንነት ተጠምጢሙ ፈንጠርጠር ካብ ዝብል እሱር፡ ጥበብ ክትምዕት ሃረር ምባልኩም፡ ጸምኢ ጥበብ መለሱ ንመንፈስኩም ከድርቓዶ ኣይኮነን!

ኣብ ህዋ ክሕንበስ ዘይኽእል፡ ከመይ ኣቢሉ እዩ ንዓኻትኩም ሐዙ ክሕንበስ! ብዓይኒ ሕልና ዘይርኢ፡ ከመይ ኣቢሉ ሰኣሊ ኣእምሮ ክህበኩም።

ዕቡዳን ጥበብ - ጥዑና ምኻኑኽ ኣስተውዒልኩምዶ ትኾኑ? ኣብ ናይ ጥበብ ዓለም፡ ጥዑይን ጽሉልን ተለልዩዶ ትኾኑ? እቲ ኣብ ሓንቲ ዓለም ሰፊሩ፡ ብክውንነት ዝመጎት "ጽሉል ካልእ ዓለም'የ" እንተ በሉ፡ ማሳለ እምበር መዓስ ኩኑ። ጥበብ - ምስ'ቲ ካብ መንት ፈርጠጡ፡ ምስ ሓሳባት ዝበርር ፍጡር ክልተ ዓለም ኣናድዮዋ። ብሓቂ! እቲ ኣብ ዘሎን ዘየሎን ዓለም ዝነብር፡ ኣብ ጽላለን ክውንነትን ዝመላለስ፡ ካብ ስእልታት ጉዓም ሓሊፉ፡ ስእልታት ወሽጡ ብዓይኒ ሕልናኡ ዝርኢ፡ ብዘይ ጽላለ ክነብር ኣይክእልን እዩ። ከየሰኸረ ዝጣበብ ኣበይ ኣሎ? ኣብ ጥበብ ተኣሊኹ ብሽኽራን 'ጠ.ን' ዝሰራሕ!

ውሽጦኹም እንተ ሰማዕኩም፡ ብርግጽ! "ዕቡዳን ዘይርእያ ዓለም፡ ኣይትምስጠንን እያ" ይብል ከም ዘሎ ምሰማዕኩሞ። መለሳ ከም ዘይብላ ይዋገኣኩም ኣሎ። ብቓላት ዝረብ፡ ንደብና ደብና ዝበሎ፡ ንሱብ ካልእ ስም ዘይረኽበሉ፡ ንቅሉዕ ንቑልቋል ዝኣፉ ደፊኡ ከቓንዕ ዘይኽእል፡



## ነጋሪት ጽላለ

ካብ'ቲ ክብረት፡ መለክዒ
እንታይነት
ካብቲ ርግኣት፡ ናይ መንፈስ
ርዝነት
ወጹ. . . ው. . ጹ. . .
ዓለም ጸወታ'ያ፡ ተጻወቱ
ተናወጹ
ስለ ዝበለ ሰይጣን
ከሉ ዝጆዩ ናብ'ቲ ነውሪ ዕቡዳን
ኣታ እንታይ ኩይኑ እዚ ሰብ
እንዶኡ ዘጥፍእ
እሞ እናፈለጠ
ዕርቃኑ ከም ዘወጸእ!

ኢሲያስ ጀኒፈር (ጃዝ)

## ደሃይ ሕትመት

ዓርቢ ዕለት 28/03/2014 - ኣብ ሆቴል እምባሶይራ (ጋርደን) ብኣርያም ወልደኣብ ዝተደርሰት "ቅድሚ ቀዳማይ" ዘርእስታ እኩብ ሓጺር ዛንታታትን ግጥምታትን ዝሓቖፈት መጽሓፍ ተመሪቓ። ደራሲት መጽሓፍ "ቅድሚ ቀዳማይ" ኣርያም ወልደኣብ፡ ብምሉእ ቀልባምን ዓቕሞምን ኣብ ስነጥበብ ካብ ዝተጓፉ ዘለዉ መንእሰያት ስነጥበበኛታት ኩይና፡ ኣብ ኤሪቲቪ መደብ መኣዲ ስነጥበባት ብኣተቕርባም ሓጻርቲ ልቢ ወለድን ግጥምታትን ብተዓዘብቲ ልዑል ተቐባልነት ዝረኸበት ትሰፍውቲ ስነጥበበኛ እያ። ምኩራት ስነ ጥበበኛታት ኣብ ገበር መጽሓፍ "ቅድሚ ቀዳማይ" ኣብ ዘሰፈርዎ ርእይቶታት፡ ትሕዝቶ'ታ መጽሓፍ ኣብ ኣንበብቲ ተምሳጥን ዕግበትን ከም ዝፈጥር ዘለዎም እምነት ገሊጾም። እቲ ሓያሎ ስነጥበበኛታት፡ ሱብ ሞያን ኣፍቀርቲ ጥበብን ዝተረኽብሉ ስነ ስርዓት ምምራቕ፡ ባህላዊ ጠዓሞት ምስናይ ስነጥበባዊ ፍርያት ኣሰኒዩ ብድሙቕ ሃዋህው ፈሊሙን ተፈጺሙን።





ብመራሒ መደብ የማነ ሃ/ገርጊስ (ጆን ሚራ) ዝተኸፈተ መደብ፡ ድምጻዊት ፌቨን ጺጋይ እያ "ፈትየካ" እናበለት ኑቲ ምሸት ብሙዚቃ ኣሃዱ ዝበለቶ። የናን ተኸስተ "የቐጸለይ" እትብል ሓንቲ ካብ ግጥምታት ናይታ መጽሓፍ ምስ ኣንበበት፡ ካብ ጉጅለ ባህሊ ዋሪ ሄናክ ንተዓዘብቲ ብሰሓቕ ዘፍለሐት "stand-up" ዝተሰምየት ኮመዲ ኣቕሪባ።

መራሒ መደብ የውሃንስ ሃብተገርግሽ (ጆን ሚራ) እውን፡ ኣብ መንነ-መንነ ብዘቕረቦም ዋዛታት ንተዓዘብቲ ኣዛንዩ። ስነጥበበኛ ምስጉን ዘርኣይ (ወዲ ፈራዳይ) ኣብ መጽሓፍ "ቅድሚ ቀዳማይ" ዝሓደሮ ተምሳጥ ንዕዱማት ብምክፋል፡ ኣብ ተመስጦኡ፡ ብደራሲን ጋዜጠኛን ተስፋይ ጉብረኣብ፡ ስነጥበበኛ ምስጉን ዘርኣይ፡ ስነ ጥበበኛ ኣኽደር ኣሕመዲን፡ ስነ ጥበበኛ መሰፍን ጉብረሂወት ዝተዋህበ ናይ ኣድናቖት ርእይቶታት ብምጥማር፡ ዕድመ ደራሲት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምልክት ቋንቋኣን ሓይሊ ኣገላልጻኣን፡ ክንዮ ትጽቢቱ ምኻኑ ገሊጹ። ኣብ'ዛ መጽሓፍ ብዝኸልሐ ብቐዓት ደራሲት ከኣ፡ ኣብ ቀረባን ርሑቕን ማዕዶ ብሉጽ ስርሓታ ከም ዝረኣዮ ኣይሓብኣን። ውልዶ ስነጥበበኛታት ተመስገኑ ተወልደን ያፈትን ንመንፈስ ዕዱማት ዘዘናጋዕ ሓጻር ኮመዲ ድሕሪ ምቕራቦም፡ ድምጻዊት ሰማር የውሃንስ "የሕልመኒ" ትብል ሓዳስ ደርፊ ኣቕሪባ።

ደራሲት ኣርያም ወልደኣብ ንትሕዝቶን ዕላማን መጽሓፉ ኣመልኪታ ቃል ኣሰሚዓ። ደራሲት- ሳላ'ቲ ኣብ መደብ መኣዲ ስነጥበባት ክተቕርቦ ዝጸንሐት፡ ሓጻር ልቢወለዳትን ግጥምታትን ዝረኸበቶ ልዑል ተጸቢቱ ዝኸኑ ናይ ተዓዘብቲ ደገፍን ምትብባዕን መሊሳ ንኽትብርዕ ንኽትጽዕርን ናይ ሕትመት ተበግሶ ክትወስድን ከም ዝተደረኸት ገሊጻ።

እቲ ውዕወዕ ስነ ስርዓት ከኣ ብመሸጣ መጽሓፍቲ ተዛዚሙ።

## ሩፍታ

መንሱር ናፍዕ

# ቃልሲ ንምንባር - ምስ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም

ደሃይ ተንቀሳቓሲት ቴሌፎንይ ሰሚዐ ምስ ተመልከትኩ ብቐረባ ዝፈልጦ ጼሓፊ ምኳኑ ተገንዘበ ብሕጉስ መንፈስ "ሄለው!" በልክዎ።

" ኣበይ ኣሎኻ ደኣ?" ኣልግዑብ ኣበሉ ሓተተኒ። ብስራሕ ኣብ ከተማ መንደፈራ ከም ዘለኹ ነገርክዎ።

"ጸቡቕ በል ሉቺያ ትብሃል ሓንቲ ጽግምቲ መንእሰይ ኣላ'ሞ ረኺብካ ጸገማ ስማዐያ!" በለ'ሞ ቁጽሪ ተንቀሳቓሲት ተሌፎና ሃበኒ።

ብቕጽበት ምስ ልችያ ተራኺብና። ሕፍረት ተጎልቢባ ሕቖኣ ሰዪራ ሰላም በለትኒ። ከየጋደሻ ብምሕሳብ ቅድሚ ሽዑ ከም ዝፈልጣ ክኸውን ደለኹ። ተመራሪሕና ናብ ካፍተርያ ኣተና። ኣብ ኣእምሮይ ዘንበርክዎ ናይ ስክልና ግምት ኣብታ ወያዛሪት ኣይርኣኹን። "ካልእ ጸገም ኣለዋ ማለት'ዩ" በልኩ ብልበይ።

ዕላል ምስ ሉችያ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝዘዘም ከም ዘይኖ ተረዲኣ ብቕጽራ ተፈላለና። ዳግማይ ምስ ተራኺብና፡ ንሳ ዝተኸዘ ዛንታኣ ኣነ ድማ መቕረጺት ድምጺ ቴብ ኣዋዲደ ብሓባር ከፍ በልና።

ሉችያ ምሕረትኣብ ቀሺ ገረሂዋስ ትበሃል። ኣብ 1988 ኣብ ታሕታይ ዓዘርና ንኣሰ ዞባ መንደፈራ ተወሊዳ። ካብ 1-5 ክፍሊ ኣብ መጀኦታ ቤት ትምህርቲ ክለውሰል 6ይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ዓዲ ወግሪ ተማሂራ። ካብኡ ግና ምስኣ ዝተፈጥረ ናይ ጥዕና ጸገም ከቢድ ጸቕጢ ስለ ዝፈጠረላ ክትቕጽል ኣይከኣለትን።

ዝተጀመረ ዕላል ብኸያት ክሰሰዮ ጀመረ። መቕረጺት ድምጺ ቴብይ ኣጥፊአ ንሉችያ ጠምትክዋ። ዛንታኣ ምንጋሩ ስለ ዘሕፈራን ንግዜኡ'ውን ብኸመይ ከም ትጅምሮ ስለ ዝጠፍኣን'ዩ መሰለኒ። "ምኽኣል እንደየ ሰኢነ!" በለትኒ ደሂና።

"ኣጆኺ!" በልክዋ ቅልጥፍ ኢለ።

"ዓበሰየ!" ዛንታኣ ጀመረት።

"ከመይ?" በልክዋ ጸቡቕ ክትዛረብ እናሰማዐክዋ ዓበሰየ ምባላ እናገረመኒ።

"ክውለድ እንከለኹ ናይ ሽንቲ እምበር ናይ ቀልቀል መሳንቱብ ኣይነበረንን።" በለት ጸረር ዝበለ ንበዓታ ብጭጓፍ ሻርብኣ እናደረዘት።

ብውሽጠይ ከም ናብ ቀላይ ዝተደርበየ እምኒ ዝፈጥሮ ድምጺ 'ጦብላሕ' ዝበል ናይ ጓሂ ስምዒት ተሰምዓኒ። 'ዘይተግረ'ምበር ዘየለ ጉድ እባ የለን'ዩ' እናበልኩ ብልበይ፡ ወለዳ ብህጹጽ እንክላ ናብ ሕክምና ወሲዶማ እንተኒይርም ክትገረኒ ሓተትክዋ። ብኣሉታ ርእሳ ነቕነቐትለይ። 'እንታይ ጸገም'ዩ ወደይ?' በልኩ ብውሽጠይ።

"ወለደይ ብፍላይ ከኣ ወላዲተይ ጸገመይ ከቢድ ጸ'ርዩ ኮይንዋ። ካብ ህጻነይ ንዓይ ርእያ ክትብኽየ ክትጭነቕን'ያ ኣሕሊፋቶ። ድሕሪን ባህላዊ ጸቕጥን ደሕዩላ ምንባሩ እፈልጥ ነይረ። እዚ ዝሓበርኩ'ኻ ጸገም ከም ዘለኒ ከይፍለጥ ንምኽዋሉ ዝከኣለ'ያ ገይራ። ግና ኣብ ንእሽቶይ ዓዲ ዝትብኹ ምስጢር ስለ ዘየለ ጸገመይ ምሉእ ዓድና ፈሊጥዎ። መሳቶይ "ዓበሰ" ይብሉኒ ነይሮም። እቶም ዓበይቲ ደማ ከም ድንጉጽ ሓሰቦም 'መስከይቲ' እናበሉ ይሓልፉኒ ኔሮም።"

እቲ ዝጸንሐ ክሳብ ሎሚ ሉይቲ ሎሚ ጠቕሊሉ ዘይተረፈ። ግና ካብ ሰሩ ከምሓ ዝጉዝኦ ድሕሩ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ጽልዋ



ዕላል ሉችያ ሰሚዐካ ንምርድኡ ግዜ ኣይወሰደለይን። ኩነታት ሉችያ ኪኾኑ'ቲ ባዕላ ትሰከሞ፡ ኣብቲ ስድራቤት ጸገም መውሰኖ ከይፈጥር ኣብ ዓሌት ቤተሰብ'ውን ከምኡ ዝበለ ጸገም ከም ዝተረኽበ እንተተፈሊጡ ኣብ ደቀምን ደቂ ደቀምን ሰንበራት ከይገድፍ ስክፍታ ስለ ዝበርም ብምስጢር ክተሓዝ ጥራይ'ዩ ዝደለ ነይሩ። ምኽንያቱ ከነፈሩ ዝርምጥጥ እምበር ንሉችያ ናብ ሕክምና ክወስዳ ዝተቐረበ ቀረባ ቤተሰብ ኣይነበረን።

"ኣመጋግባኺ ከመይ'ዩ?" ሓተትክዋ።

"ደረቕ ነገር ከም እንጌራን ቅጫ መሰሊን እንተበሊዐ ቀልቀል ከማዚይወጸለይ ሽዓ ኢላ ኣደይ ስለ ዝነቕሓትሉ ብዚይካ እንጣጢዕ ካልእ ትቕርበለይ ኣይነበረትን። ሓደ መዓልቲ መሳቶይ በለስ ክበልዑ ርእየ ስለ ዝበላዕኩ ኣይትርኣዩ ተሳቕየ'የ። እንጣጢዕ ምስ ሰተኹ ድማ ምስ ብልዕተይ ዝተሓወሰት ንእሽቶ ነኻል ወጺኣትለይ!" በለት ኣዒንታ ብንብዓት መሊኣ። "ብዚይካ ጥራት ምሕላው፡ ማይ ምራድ፡ ገብረ ወፈራ ከዛጥን ዕንጸይትን ምእራይ ካልእ ስራሕ ኣይምልከተንን'ዩ። ዘበላሹ እምበር ዘዕብቅ ዝመስሎ ዳርጋ የለን።" በለት ንብዓታ ጸረር እናበለት።

"ናይ መቕመጫኺ ጸገም ኣይፈለጥክዮን?" ዓይኒ ዓይና እናጠመትኩ ሓተትክዋ።

"ብትኽክል እንተዝፈልጦ ደኣ ንዓይ እንዶ ምሓሸኒ!" መለሰትለይ።

"ከመይ ማለትኪ'ዩ? ቀልቀል እኮ ምውጻእ ይኣብየኪ ኣሎ?" ክንጽረላ ደለኹ።

"ምልእቲ ሰብ ከምዚይተሃኩ ጎደሎ ከምዝተፈጠርኩ ይርድኣኒ ነይሩ'ዩ። ግና ስለምንታይ ቀልቀል ይኣብየኒ ኣይፈልጥክዎን። ኣደይ ካብ ኣሕዋተይ ፈልያ እንጣጢዕ ጥራሕ ተሰትየኒ ከም ዝነበረት እዝክር። ተሓቢአ ከየብልዕ'ውን ብጽንዕ'ያ ትሕልወኒ ነይራ። ምኽንያቱ ተሓብአ እንተበሊዐ ቀልቀል ምውጻእ ስለ ዝኣብየኒ ንሳ'ውን ከማይ ክትጭነቕ'ያ። 'እንታይ ኮይነ?' ኢለ'ውን ኩሉታ ትደሊ ኣይነበረትን። ዘረባ ጎረባብቲ የብኩየን የጨንቓን ከም ዝነበረ ብዓይነይ ዝርእዮ ዝነበርኩ'የ።" ንብዓታ ደሪዛ ኣተኩራ ጠመተትኒ። "ስድራይ ብሸገኺ ኣፍልጦ ደዩ ጸገም ጓሎም ከይፍለጥ ኣይርደኣንን ናብ ሕክምና ገጾም ኣይወሰዱንን።" ምስ ንብዓታ ተቓለሰት።

ሉችያ ምስ መሳቱኣ እናተጻወተት ኣይዓበየትን። ወትሩ ማይ ክትወርድ፡ ከብቲ ክትጓሲ፡ ከብቶን ዕንጸይቲን ክትኣሪ'ያ ኣሕሊፋቶ። መሳቱኣ ሰኣን ኣፍልጦኦም 'ዓበሰ' ይብልዋ ብምንባርም ከም ድላያ ነጻ ኮይና ክትንቀሳቐስ ትኽእል ኣይነበረትን።

"ቤተሰበይ ይኹኑ ነርቲ ዓድና ናይ ኣእምሮ ጸገም ከም ዘሎኒ'የም ዝፈልጡ። ምስ መሳቶይ ክሕወስ እኽእል ኣይነበርኩን። ምኽንያቱ ዘሕተኹትኽለይ ስለ ዝጠዝሑ ክርሕቕ ጥራይ'የ ዝመርጽ ነይረ። ብማዕዶ ከነፈርም ዝርምጡጡለይ ብዙሓት'የም። እንታይ ማለት'ዩ ዓበሰ? እብል ምስ ነብሰይ ጸገመይ ደርደኣኒ ስለ ዘይነበረ።" ኣብ ወሽጣ ዝበረ ኣየር ብሓይሊ ንግዳም ኣውጽኣቶ። "ጸገመይ እትርድኣለይ ዝነበረት እታ ኣብዚ እዋን ሓዳር ገይራ ኣብ ማይተመናይ ትቕመጥ ዘላ ኣድሓኒት መሓዛይ ጥራይ'ያ። ደረቕ መግቢ እንተበሊዐ ምስ ኣድሓኒት'የ ንቕልቀል ዘወጽእ ነይረ። ከም ቅልውላው ሕርሲ ዝጀመረ ድማ ብሕቖይ ደግፍኒ እብላ'ሞ ዓሕ ክብል እውዕል።"

"ብዘዕባ ጸገምኪ ስለምንታይ ንኣድሓኒት ዘይሓተትክያ?"

"ንግገም ሰብ እኣምን ኣይነበርኩን። ዓባስ ክፍሊ ኣካላተይ ዝረኣየ ንሱብ ዘምገርለይ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ቐልቀል ስለምንታይ ይኣብየኒ ነይሩ'ውን እፈልጥ ኣይነበርኩን። ጸገመይ ብዓይነይ ክርእዮ ስለ ዘይክእል እንታይ ኮይነ ክብል? ኣብ እዋን ጻገሜን ኣዋልድ ዓዲ ብሓባር ክንሕጸብ ከለና ንመሓዘተይ ርእየ ኩነታተይ ክፈልጥ ብድሕሪኤን ኮይነ ክሕጸብ እሓስብ ነይረ። እንተኾነ ንሳተን'ውን ጸገመይ ክርእያ ብድሕረይ ክሕጸባ ይደልያ ብምንባረን ይሰልጠኒ ኣይነበረን። ኣብ ከምዚ እዋን ጎራሕትልና ኢለን 'ሰማጽ መቐመጫ' ይብላኒ ነይረን።" ኣዒንታ ኣጨምቲላ ጠመተትኒ።

ሉቺያ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ኩነታት ጥዕናኣ ንምፍላጥ ናብ ሕክምና ከም ዘይተወሰደት'ያ ትዛረብ። መዓልታዊ መግቢ እንጣጢዕ ጥራይ'ዩ። ወረድዋ ዝበረ ናይ ጥዕና ጸገመን ናይ ደቂ ዓዳ ግብረ መልሲን ምስ ረኣየት ተሰፋ ቘሪጻ ነብሳ ከተጥፍእ ናብ ቀላይ ክትኣቱ ዝተደናደነትሉ እዋን ኣሎ።

"ኣብ ውሽጠይ ዝተኸዘ ስቅያት ነውጺ ኣእምሮ ስለ ዝፈጠረለይ ሓራቕ፡ በኻይት፡ ተባኣሲት ኮይነ። ብፍላይ 'ዓበሰ' ንዝበሉኒን ነተን 'ረኻቢት መከራ' እናበላ ዝዘልፋኒ ጎረባብቲ ብዓይኒ ጽልኢ እጥምተን ነበርኩ። ሽዑ 'ተጻሊላ' ኢያ ተባሂሉ። እቲ ዘሕዝን ዘይርስዕዎን ሓደ ዓቢ ሽማግለ ኣብ ጉዳና መጺኡ ዝደቀሰኩ መሲልዎ 'ካብዚ ግዛ ዘይትሰጉ'ያ' ክብሎ ነድይ ብእዝነይ ሰሚዐዮ። ካብ ግዜይ ሓሊፈ ናበይ ኸከይድ እኽእል?!" እናኣስተማሰለት ጠመተትኒ።

ሉችያ ድሕሪ'ቲ ዝሰምዓቶ ኣእምሮኣ ዘናወጸ ዘረባ ብቐጥታ ናብታ ዑቕባ ዝኾነታ ኣድሓኒት'ያ ከይዳ። ዘረባ እቶም ሰብኣይን 'ኣይትምርዓዊ ኣይትድርዓዊ' ናይ ዝበሉታ ጎረቤታ ዘረባ ድማ እርይ ቁጽር ኣቢላ ነገረታ።

"በሊዔ ቀልቀል ምውጻእ ይኣብየኒ፣ ሰቕ እንተበልኩ እጠምኒ። ዘለኹዎ ሃለዋት ሕማቕ ስለ ዝኾነ ናብ ቀላይ ኣትየ ክመውት ደልየ ኣለኹ' ኢለያ ቁልቁል ዝኣፉ ንመሓዛይ። እንታይ ክትብለኒ? ሓገዝ ምሳይ ምንባዕ ኮይኑ። ኣብ ኣፍልጦ፡ ኣስመራ ትመሳለስ ስለ ዝነበረት ካብይ ንሳ ትሓይሸ። 'ካብ ኣብዚ ኴንኪ ትኑበዪ ኣስመራ ኬድኪ ዘይትሰርሒ፣ መን ክሕዝ ኢኺ ቀላይ ትኣትዊ፣' ኢላትኒ ትርር ኢላ። ከምኡ ዝበለ ሓሳብ ኣንቂደ ኣይፈልጥን'የ፣ ዕድመይ ንእሽቶይ'ዩ ነይሩ።" ኢላ ኣብ ሓሳብ ጡሓለት።

ብዘይካ ልሙድ ገጠራዊ ዕዮኣ ናይ ከተማ ዕዮ ብርቱዕ ስለ ዝመሰላን ጠቕሊላ ርእያቶን ተኸኢፋቶን ስለ ዘይትፈልጥ፡ "እንታይ'ሞ ክሰርሕ እየ?" ኢላታ ንኣድሓኒት። ኣድሓኒት ኩነታት ሉቺያን ናይ ደቂ ዓዳ ግብረ መልሲ ትርእ ስለ ዝበረት፡ ካብ ንብዓት ክትገላገል ብምሕሳብ "ቁልዓ ምሕዛል ትሰርሒ!" ብምባል'ያ መሊሳትላ።

ሉቺያ ዘረባ መሓዛኣ ልባ ከፊቱ ክትሓስበሉ'ዩ ደሪኽዋ። ከምቲ 'ናበይ ከይደ ሃፍ በላ' ዝበሃል ድማ ሐደት ሓብሬታ ሰኺቻ ካብ መንደፈራ ኣስመራ በጺሓ ኣብ እንዳ ማርያም" ተራእየት። ኣስመራ ግና ሓንበስካ ዘይትውጻእ ቀላይ ኮይና ጸንሓታ። ብጥሜት ተለልያ ኣብ ኣፋፊት ቤተ ክርስቲያን እንዳ ማርያም ተሸፊና ዝርጋሐ ነበየት። ስራሕ ብኸመይ ከም ዝርከብ እንተመሰዩ ኣበይ ከም ትሓደር፡ እቲ ዝለመደቶ እንጣጢዕ ካበይ ከም ትረኽቦ ኣብ ኣፋፊት እንዳማርያም'ዩ ትዝ ኢልዋ። ሽዑ ምስ ዓይና ክትቃለስ ከም ዝወዓለት'ያ ትዝክር።

የውሃንስ ሃብተገርግሽ (ጆን ሚራ)

ይቕጽል

## ኩርናዕ ካርቱን



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጀማል ሓሰን ኢማም ምባል

ተረፉ፡ ጀማል ሑሴን ኢማም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ጸጋይ በራኺ፡ ስም ወላዲተይ ሓዳስ ገብረማርያም ምባል

ተረፉ፡ ንግስቲ ካሶን መኮነን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓሊብመንተል

ኣቶ ተስፋማርያም እኩብን ወ/ሮ ክብርቲ ተስፋሚካኤልን ወድና ሰለሙን ተስፋማርያም ስለዝተሰውኡ፡ ንሕና ሕጋውያን ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ንኹሎም ኣባላት ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ምሕደራውን ባህላውን ማእከል ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዕለት 26,2014 ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ዓመታዊ ጉባኤ ክገብር ስለዝኾነ ኩሉኹም ኣባላት ዓመታዊ ክፍሊቶም ብውሑዱ ክሳብ 2012፡ ክሳብ ሚያዝያ 24,2014 ክኸፍሉን ክፍሊት ዘይፈጸሙ ድማ ክሳተፉ ከምዘይክእሉን ብኽብሪ ነዘኻኽረኩም።

ቦርድ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን

## ምልክታ ንኣቕረብቲ መጽናዕታዊ ወረቐት

### 6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት

6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት "ክብርታትና መርሓና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 18-20 ሓምለ 2014 ኣብ ሳዋ ኪቃናዕ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ፈስቲቫል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብምድላው ክሳተፉ ንዝደልዩ ግዱሳት መንእሰያት ይዕድም።




እቶም ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ዝቐርቡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ኣብዞም ዝጥቀሱ ዓውድታት ዝድረቱኻ እንተዘይኮኑ፡ ክትኮረሎም ዝግባእ ዓውድታት ግና ንኽብርታት ህዝቢ ኤርትራ፣ ንጸጋታትን ልምዓታዊ መደባትን ኤርትራ፡ ንታሪኽን ጅግንነትን ዘይተጸዓድነትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኽብሪ መሬትን ርኽበትን፡ ከባብያውን ጥዕናውን ትምህርታውን መዳያት፡ መድረኻውያን ብድሆታት መንእሰያትን መጻኢ ዕድላቶምን ዘድሃቡ ክኾኑ ነዘኻኽር።

ጽማቕ ትሕዝቶ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ዝቐርበሉ ግዜ ክሳብ 10 ግንቦት ይኸውን።


ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁጽሊ 118433 ወይ ብኣካል ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባታት ሃማመተኤ ብምቕራብ ይኸውን።

ኣዳላዊ ኮሚቴ 6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት

FLY OLYMPIC.se

ብስራት ካብ ፍላይኦሎምፒክ

ፍላይኦሎምፒክ፣ ካብ ዕለት 6 ሰነ 2014 ጀሚሩ ቀጥታ በረራ ካብ



ኣስመራ
ናብ
ስተኮሎም
ለንደን
ዓማን

ኩሉ ግዜ ቀዳም - ኣስመራ፣ ዓማን ለንደን(LGW)
ሰንበት - ኣስመራ ዓማን ስተኮለም(ARN)

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ሽወደን፣

ቴሌ፣ 08248480 / +468248480

Flight operated by JAV

ኣስመራ
GSA: Nasair
TEL: +291.1.110909
TEL: +291.1.110906

ደዊልኩም ተወከሱ
www.FlyOlympic.Se

الخطوط الجوية السودانية
SUDAN AIRWAYS

ብስራት ንተጓዓዝቲ ትራንዚት
ኣብ ልዕሊ'ቲ ልሙድ ኣገልግሎት በረራኡ
መገዲ ኣየር ሱዳን ንኹሎም ተሳፈርቲ
ኣብ ሰሙን ሓንሳብ - ሓሙስ - ኣስመራ - ጁባ
ኣብ ሰሙን ሓንሳብ - ሓሙስ - ኣስመራ - ካይሮ
ቀጢታዊ በረራኡ ይቕጽሎ ከምዘሎ እናዘኻኽረ
ካብ ካርቱም
ንከተማታት ሃገራት ወሽመጥ፣ ኣፍሪቃ፣ ኣውሮፓ፣ ኣመሪካ ወዘተ
ሙሉእ ናይ ትራንዚት ኣገልግሎት ክንህብ
ጀሚርና ምህላውና'ውን ነበስር
መገዲ ኣየር ሱዳን
ምስ ሓፈሻዊ ወኪሉ ከክያ ወኪል ጉዕዞን ቱሪዝምን
ዝግባኣኩም ኣገልግሎት ንምሃብ
ቅሩባት ኣለና።
ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ ልሙድ ኣድራሻና ትውከሱና።
ጎዳና ሰማእታት ቁ፡75/81
ጥቓ ሲነማ ሮማ
ተሌ፡-120438-125315-110933-110932.
ኣስመራ።
E-MAIL: Keckia1@gmail.com

A C T

**AFRICA COMPUTER TECHNOLOGY**

ርሑስ በዓል ፋሲካ እንዳበልና ብምኽንያት እዚ በዓል ዓቢ ናይ ዋጋ ምትዳል ብምግባር ምዝገባ ስልጠና ኮምፒዩተር ከምዝጀመርና ንሕብር።

ብተወሳኺ ብACT ዝተዳለወት **Teach YourSelf Computer** (ኮምፒዩተር ባዕልኻ ተመሃር) እትብል መምሃሪት መጽሓፍ ተዳልያትልኩም ኣላ።

ኣድራሻና፡ ጎኒ ካቴድራለ ጥቓ ፎቶ ኣሰር እዩ ☎123324

## ካልኣይ ምልክታ

ማሕበር ወነንቲ ኣባይቲ ሓድሽ ኩትምያ ምጽዋዕ ብዕለት 12 ሚያዝያ 2014 ኣብ ዞባዊ ቀዳማይ ኣኼባ ምልኣተ ጉባኤ ስለዘይተረኽበ፡ ቅዋም ማሕበር ብዝእዝዞ መሰረት ንዕለት 26 ሚያዝያ 2014 ልክዕ ሰዓት 4፡00 ድ/ቀ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ኣስመራ ዋና ቤት ጽሕፈት ባንክ ኣባይትን ንግድን መኣከቢ ኣዳራሽ ካልኣይ ደርቢ ክጋባእ ምዃኑ ንሕብር።

ስለዚ ኩላትኩም ኣባላት ማሕበር ወናኒ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብቲ ተመዲቡ ዘሎ ቦታን ዕለትን ክትርከቡ ብምምሕጻን ብዘዕባ ወሰኽ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊትን ካልኦት ኣገደስቲ ዛዕባታትን ብምዝታይ ኣብ ኣኼባ ብዘተረኽቡ ቁጽሪ ኣባላቱ ውሳነታቱ ከመሓላልፍ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቦርድ ማሕበር ወነንቲ ኣባይቲ ሓድሽ ኩትምያ ምጽዋዕ

## ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ

ፋብሪካ ምድላው መግቢ ኣልፋ ሓንቲ ተሓዚት ገንዘብ (cashier) ኣዋዳዲሩ ክቆጽር ስለዝደለየ፡ ነዚ መማዘኒ ዘማልኣ ተወዳደርቲ ሰነዳትን ሒዘን ኣብ ትካልና ቀሪበን ክምዝገባ ንሕብር።

| | |
|---|---|
| መደብ ስራሕ ...................................... | ተሓዛቲ ገንዘብ (cashier) |
| ብዝሒ ............................................ | 01 (ሓንቲ) |
| ጾታ ................................................ | ኣንስታይ |
| ዕድመ ............................................ | 18 - 40 ዓመት |
| ት/ደረጃ ........................................... | 12 ክፍሊ ዝወደኣት |
| ስራሕልምዲ......................................... | ልዕሊ ክልተዓመትኣብክፍሊሕሳብ ዝሰርሐት |
| ደሞዝ ............................................ | ብስምምዕ |

ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይምልከታ ወይ ግቡኣ ዘማልኤት።

ምድላው መግቢ ኣልፋ
ኣስመራ ኤርትራ
ቁ.ሳ.ፖ 1180 ቁ.ስልኪ 110676/ 110000/ 119449

## ምልክታ ጨረታ

ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ዝኾነ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ንብረት ብኽፉት ጨረታ ኪሽየጥ ስለዝደለየ፡ መንግስታዊ ግቡኡ ንዘማልኣ ንኪጫረት ይዕድም።

<u>ዝጫረቱ ንብረት</u>

1. ካልኣይ ኢድ መቀያየሪ ኣቕሑት ብሽግሊታ፡ ዝተበላሸዋ ሰፈይቲ ክዳን
2. ዝተበላሸዋ ኮምፒዩተራት፡ ፕሪንተራት፡ ታይፕራይተራት፡ ፈሶቶታት።

<u>ኪማልኡ ዘለዎም</u>

- ነፍሲ ወከፍ ተጫራቲ ከም መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ይኸፍል።
- ኣብ ዝጫረቱ ንብረት ኣብ ቁ.1 ተጠቒሶም ዘለዉ ኣብ መርሓኖ (ድሕሪ እንዳ ቴክሳስ) ኪረኣዩ ይኽእሉ።
- ኣብ ዝጫረቱ ንብረት ኣብ ቁ.2 ተጠቒሶም ዘለዉ ኣብ ማ/ቤት ጽሕፈትና (ድሕሪ ሲነማ ሮማ) ክርኣዩ ይኽእሉ።
- ጨረታ ዝኽፈተሉ፡ ናይ ዝጫረቱ ንብረት ቁ.1 ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ድሕሪ 5 መዓልታት ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ኣብ መርሓኖ። ናይ ዝጫረቱ ንብረት ቁ.2 ድማ ኣብ ጋዜጣ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ድሕሪ ሸውዓተ መዓልቲ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ።
- ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁጽሪ ቴሌፎን 120778 ኪውከስ ይከኣል።

ቤት ጽሕፈትና ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤት ጽሕፈት ሃማሓስኲኤ

## ምልክታ ጨረታ

ቤት ጽሕፈት ጨንፈት ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከቡ ዝተሰባበሩ መምሃሪ ዴስክታት (ሰደቓታት) ከጸግኖ ስለዝደለየ ካብ ንኡስ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ዓዲ ኳላ፡ ድባርዋ፡ ደቀምሓረ፡ ዓዲቐይሕ፡ ሰንዓፈ እምኒ ሓይሊ ዝተሰባበረ ሓጺን ብመኪንኦም ናብ ዝጽግንሉ ቦታ ወሲዶም ሓጺን ኣልሒሞም ብንብረቶም (ብጣውልኦም) ጸጊኖም ቦያ ለኸዮም ብመኪንኦም ናብ ቦትኡ ዝመልሱ ግዱሳት ተጫረቲ ይዕድም።

1. ናይ 2013 ፍቓድ ንግዲ ዝተሓደሰ ይኸውን።
2. መኽበሪ ጨረታ 15,000.00 ናቕፋ ትሕጃ የትሕዝ፡ ትሕጃ ከየትሓዘ ሰነድ ጨረታ ኣይወሰድን።
3. ጨረታ ክሳብ 13 ግንቦት 2014 ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 14 ግንቦት 2014 ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ተወዳደርቲ ወይ ወኪል ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
4. መጫረቲ ሰነድን ዝድሊ ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ካብ ቁጽሪ 6 ይውሰድ።
5. ቤት ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ትምህርቲ
ዞባ ደቡብ መንደፈራ

## ምልክታ ንመሃብቲ ኣገልግሎታት

### 6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት




6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት "ክብርታትና መርሓና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 18-20 ሓምለ ኣብ ሳዋ ክካየድ ስለዝኾነ፡ ኣብቲ ፈስቲቫል ናይ ኣብያተ መግብን መስተን፡ ከምኡውን ኣብያተ ቁርስን ሻሂን ኣገልግሎታት ብምሃብ ክትሳተፉ እትደልዩ ግዱሳት፡ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈትን ኣብ ኩሉን ዞባታት ዝርከባ ኣብያተ ጽሕፈት ሃማመተኤን ብምቕራብ ክትምዝገቡን ተዳልዩ ዘሎ ናይ መሳተፊ ቅጥዒ ክትመልኡን ይዕድም።

ናይ ምዝገባ ግዜ፡ ክሳዕ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ ክፉት ይኸውን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁ.ስልኪ 118433 ወይ ብኣካል ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባታት ሃማመተኤ ብምቕራብ ይኸውን።

ኣዳላዊ ኮሚቴ 6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት

Eritrean Airlines
Gateway to Africa




# ዘሐጉስ ብስራት

መንገዲ ኣየር ኤርትራ ካብ መጀመርያ ሰሙን ናይ ወርሒ ግንቦት 2014 ጀሚሩ

ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ፣ ሰሉስ ን ሰንበትን፣

<u>ኣስመራ-ዱበይ-ኣስመራ</u>

ከምኡውን ሰኑይ ን ሓሙስን

<u>ኣስመራ-ጆዳ-ኣስመራ</u>

ስሩዕ በረራ ክጅምር ምዃኑ የበስር።

መንገዲ ኣየር ኤርትራ ብፍላይ ንተሳተፍቲ ጽምብል መዓልቲ ናጽነት፣ ፌስቲቫል መንእሰያትን ኣብ ክራማት ናብ ሃገር ንዝኣትዉ ተጓዓዝቲ ሰሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንምሃብ ተዳልዩ ከምዘሎ የበስር።

ብተወሳኺ መንገዲ ኣየር ኤርትራ ምስ መንገዲ ኣየር ኢማራት (Emirates Airlines) ፣ መንገዲ ኣየር ቐጠር (Qatar Airways) ን ኣል ኢታልያ (Alitalia) ኣቐዲሙ ብዝገበሮ ስምምዓት መሰረት ምቹእ መስመር (Connections) ፈጢሩ ስለዘሎ ተጓዓዝቲ ክጥቀሙሉ ከምዝኽእሉ ንሕብር።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ጎደና ሓርነት ካብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብኣካል ወይ ብቁጽሪ ቴሌፎን <u>124111፣125500፣125501</u> ብምድዋል ወይ ብ ኢ-ሜይል <u>reservations@eritreanairlines.com.er</u> ወይ <u>eraisales@eritreanairlines.com.er</u>

ክርከብ ከምዝኽእል ንሕብር።

# ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ፡ ብልሳን ተጋቢኡ

"ስመር ስሩሚ ንሓያል ውዳብ" ብዝብል ቴማ ብ18 ሚያዝያ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝተኸፍተ 10ይ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣገደስቲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ብ21 ሚያዝያ ብዓወት ከምዝተዛዘመ ይፍለጥ። ኣብቲ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብን ካልኦት ሰበስልጣንን ዝተረኽቡሉ ኢጋጣሚ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት - እንተላይ ካብ ኤርትራ ዝተወከሉ ልዕሊ 650 መንእሰያት ተሳቲፎም ነይሮም። ብዘዕባ'ቲ ውዕውዕ ዋዕላ ዝለዓም ርእይቶን ተማሳጦን ከተፍልጥና ናብቲ ቦታ ተሊፎን ብምድዋልና ዝተኻየደ ቃለመጠይቕ የሴፍ ሃ/ማርያም ጸሚቑ ኣዳልዩዎ ኣሎ እንሆ፦

***

**ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፦** ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝካየድ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ፡ ንዝገርም ዝጠቅም፡ ንውዳቤታት ዘሐይል ዝተፈላለየ ወረቓቕትን ሓበሬታታትን ስለዝቐርብ፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ'ዩ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ዝኸይድ ዘሎ ዋዕላን ውዳቤታትን'ዩ። ቀንዲ ዕላማኡ ድማ መንእሰያት ንሓድሕዶም ሃገራዊ ንቕሓት ደለቦም ኣብ ህንጻትን ልምዓትን ሃገሮም እጃሞም ንምብርካት



ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን

ከምኡ'ውን ኣንጻር ኤርትራ ንዝዋገኡ ውዲታት ንምፍሻል'ዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብርክቶ ኣብ ደገ ዘለዉ መንእሰያት ክዓቢ እንተድኣ ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መደባትን ህሉው ኩነታት ናይ ኤርትራን ክፍለጥ ኣለዎ። በቲ ሓደ መዳይ ከኣ ኣብ ወሽጢ ኤርትራ ዘለዉ መንእሰያትን ኣብ ደገ ዝርከቡ መንእሰያትን ናይ ሓበሬታ ፍልልይ ክህሉዎም ስለዘይብሉ፡ ብሓባር ምእንቲ ክበግዑን ኣብ ዝዋገኡ ንጥፈታት ተወሃሂደም ንሓደ ዕላማ ምእንቲ ክሰርሑን፡ ምልእኣት ናይ ሓበሬታ ክህልዎም ከሚዚ ዓይነት ዋዕላታት መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ዓመት ዓመት ዝኻየድ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ወሽጥን ኣብ ደገን ዘለዉ ውዳቤታት ተመላላእትን ተሓጋገዝትን ኩይናም ብኹመይ ንሓደ ዕላማ ክሰርሑ ከምዝለዎም ዘብርህ ብምዃኑ።

ስለዚ፡ ትማሊ ንኹሉ ናይ ሃገር ተጻብኦታት መንእሰያት'የም ሰዒሮሞ፤ ሎሚ'ውን መንእሰያት ይምክትዎ ስለዘለዉ፡ እዚ መኸተ'ዚ ኣብ ወሽጥን ኣብ ደገን ብዘለዉ መንእሰያት ክቕጽል ኣለዎ።

ብዘውሳኺ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣኼባታት ሓበራዊ መረዳእታ ንምፍጣር ዝሕግዙ ወረቓቕቲ'የም ዝቐርቡ፣ እዚ ከኣ ኣገዳሲን ንውዳቤታትና ዘሐይልን ብምዃኑ፡ እቲ ኣነ ዝያዳ ከስምረሉ ዝደሊ፡ ከም ዜጋታት ኣብ ዝዘለና ንዘሎ፡ እዛ ሃገር ናትና'ያ። ኩሉ ግዜ ድማ ሃገራት ናይ መንእሰያት ስለዝኾና፡ ከም መንእሰያት ማጠኑ ዜጋታት ድማ ክሳብ ዝኾንና፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር ንዘሎ ኣብ ደገ፡ ሃገር እትሓተና ንምፍጻም ድሉዋት ኩይንና ክንሰርሕ ኣለና። እቲ ተጻብኦታት እናሓየለ ክመጽእ ከሎ እቲ ጅግንነት ማዕረኡ ክሕይል ኣለዎ፡ ነቲ ዝበረ ተጻብኦታት ድሮ'ውን ክንሰዕሮ ጀሚርና ስለዘለና፡ ጻዕርናን ስራሕናን

ዚያዳ ክዘይድ ከምዝለዎ ከዘኻኽርየ ዝደሊ።

**መንእሰይ ደሳለኝ ካብ ኬንያ፦** ኣነ ካብ ኬንያ ከተማ ናይሮቢ'የ ኣብ ዓሰራይ ኣኼባ መንእሰያት ህግደፍ ንምስታፍ መጺአ። መምጽእየይ ዕላማ ድማ፡ ኑቶም ኣብ ኬንያ ዘለዉ መንእሰያት ንምውካልን ናታቶም መልእኽቲ ንምብጻሕን ካብዚ ድማ ናብኦም መልእኽቲ ንምውሳድን'ዩ።

ኣብ ኬንያ ዘለዉ መንእሰያት፡ ካብ ኤርትራ ዝመጹን ሃገራዊ ሓላፍነቶም ዝርድኡን ብምዃኖም እቲ ጥርናፈ ሓያል'ዩ። ስለዚ፡ ውዳቤ ኣብ ኩለን'ተን ሃገራውያን ማሕበራት ዝመርሕ ውዳቤ'ዩ ዘለና። ኣብ'ቲ ማሕበር ዘለዉ መንእሰያት ድማ ንኹለን ማሕበራት ብዝተወፋይነት ዝመርሑ'የም። ንኣብነት ኑቲ መንእሰይ ካብ ዘየድሲ ልምድታትን ነገራትን ንምእላይ ቀጻሊ ስፖርታዊ ውድድራት ብምድላው ኣብኡ ከምዝጸንበር ይግበር፣ ዓቢይቲ ርክባት ሰበስልጣንን ህዝብን ኣብ ዝህልወሉ እዋን ኑቲ ውዳብ ደሊው ይገብር፣ ኣብ መንጎ ሞምባሳን ናይሮቢን ዘለዉ መንእሰያት ርክቦም ንምድልዳል ቀጻሊ ስፖርታዊ ርክብት'ውን ይገብር።

እዚ ዋዕላታት መንእሰያት ህግደፍ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየን እናጸፈፈን ዝኸይድ ዘሎ'ዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰትያት ንቕሓቶም ኣብሪኾም ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣኼባ ተሳታፍነቶም እናዕዘዘ ክኸዱ ምርኣይ ኣደማሚ፡ ቀሊል ከምዘይኮነ'ዩ ዘጽረልና፡ ብዓቢኡ ግን ከምዚ ዓይነት ኣኼባ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት እንርከብ መንእሰያት ህግደፍ ካብን ናብን ተመኩሮን ሓበሬታን ክንለዋወጥ ዝሕግዘ ብምዃኑ ኣገዳሲ'ዩ። ሳላ'ቲ ብዘጋዝሙ ዝዋገር ሓያል ጻዕሪ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ጉዳይ ሃገር ብዝተወፋይነት ናይ ምስራሕ ልምዲ ኣጥርዮም ይርግዙ ምህላዎም ድማ ዓወት'ዩ። ንኤርትራዊ መንእሰይ ፋሕ ፋሕ ኣብልካ ከምዝደምዕ ንምግባሩ ኣብ ኩሉ ዝርእ ዘሎ ፈተነታት ተጻዊኡትና ብስመር ቀልጺም ደፊሽል ኣሎ። ኣብ ናይሮቢ'ውን ከምኡ ዓይነት ድኹም ፈተነታት ነይሩ'ኳ እንተኾኑ፡ መንእሰያት ባህሎም ኣፍሽለሞ'የም። እቲ ሽርሒ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሓደ'ዩ፣ እቲ ግብራዊ ምላሽ ድማ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሓደ'ዩ፣ ንሱ ከኣ እምቢ ንተምበርካኽነት፡ እምቢ ንወደጦት'ዩ።

**ኣቶ ተስፋሚካኤል ካብ ማዝየም - ጀርመን፦** ኣነ ካብ ከተማ ማዝየም - ጀርመን'የ መጺአ፡ ኣብ'ዚ መምጽእየይ ድማ ከም ወላዲ ኩይነ ኑቶም ንመንኮኖም ዝበልጽ ታሪኽምን ቋንቋ ኣዴኦምን ዝምሃርኩምም ዓርተ መንእሰያት ሒዘየ ኣብዚ ኣኼባ ንምስታፍ መጺአ። መንእሰያት ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣኼባ ምስ ዝሳተፉ ብዙሕ ለውጥታት ስለዝርእዩ እዚ ኣኼባ'ዚ ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት፡ ምስ ኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ኩርዓት ዝርከቡ መንእሰያት ተራኺቦም ሓሳብ ንሓሳብ ንኽቀያየሩ፡ ድኽመታቶም ብልጫታቶም ድማ ንኽመዝኑ የኽእሎም። ንሕና ኣብ ከተማ

ማዝየም እንነርከበ ኤርትራውያን ወለዲ፡ መንእሰያት ምስ ሃገርን ህዝቢን ንምትእስሳርም ከምኡ ድማ ባህሎምን ክብርታቶምን ዓቒሞም ንክሽዱን እኩይዶ ሕዋሳትን ተወፋይነትን ኣለዉ። ሓደ ካብቲ ንሕና እንገብሮ ተወፋይነታት፡ ልዕሊ 30 ዓመት ዝገበረ ብዝተወፋይነት ዝሰርሕ ቤት ትምህርቲ ኣለና። ኣብዚ ልዕሊ ሓሙሸተ ክፍሊታት ዘሓዘ ቤት ትምህርቲ ድማ ደቅና ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ጀርመን ዝበጽሑ ኣብኡ ይጸንሑ። ኣብኡ ግቡእ ክኽእን ወለዲን ማሕበረሰብን ስለዝተራበረሎም፡ በዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ሓሊፎም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ መንእሰያት ብዙሓት ኣለዉ። ንኣብነት፡ በዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ሓሊፎም ሕጂ ኣብ ዓውዲ ሕክምና፡ ምህንድስና (እንጂነሪንግ)፡ ዶክተርነትን ካልእን ዝመሃሩ ኣለዉ። ስለዚ፡ ኣብ ከባቢና ዘለዉ መንእሰያት፡ ብወለዲ፡ ብማሕበረሰብን ካልእን ብዝተዋህበሎም ዘሎ ንቕሓቶምን ሃገራውነቶም ዘርኢ ኩሉ ንኽንሶት፡ ኣብ ሂወቶም ዝያዳ ሓላፍነታውያን ይኾኑ "ንኣቦታትና ክንትክኦም ኢና" ዝብል ሓላፍነታዊ መረዳእታ የጥርዩን ኣለዉ። ካብዚ ኣኼባ'ዚ ድማ ደቅና ብርግጽ ብዙሕ ተመኩሮም ሒዞም'የም ንሃገራም ክምለሱን ንብጾቶም ክመሓላልፉን።

**መንእሰይ ቴድሮስ ጎይትኦም ኣቦ መንበር ማእከላይ ኮሚቴ ጨ/ኤውሮጳ፦** ኣነ ከም ኣቦ መንበር ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ብደረጃ ኤውሮጳ ከገልግል ጸኒሐ ዘለኹ'ዩ። እዚ ዋዕላ'ዚ ከም ኩሉ ዝሓለፈ ዋዕላታት ሓያል ምድላዋት ዝተገበረሉ'ዩ። ዋዕላታትና ግን ናይ ምንቅስቓስ መንእሰያት ጉዳይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ኮማትና ጉዳይን ብደረጃ ሃገር'ውን ዝጥመትን ስለዝኾነ ዕዙዝ ኣገዳስነት'ዩ ዘለዎ። ብዓይነትን ብዝሕን ተሳታፍነት'ውን ጸቡቕ ዝርግሐ ዘለዎ'ዩ። ንኣብነት፡ ብዛዕባ ሃገር ዘሎ መረዳእታ ንምዕባይ ተባሂሉ ቀድሚ ሕጂ ተሳቲፎም ዘይፈልጡ ብዕድመ ናእሽቱ ሎሚ ዓመት ኣብዚ ኣኼባ ንኽሳተፉ ዕድል ተዋሂቡ'ዩ። ከምኡ'ውን ሕቶ መንእሰያት ሕቶ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ካብ ከለን ሃገራት ናይ ማሕበረኮማት፡ ናይ ኣባላት

ህግደፍ፡ ናይ ሃማደኤን ካልኦት ማሕበራትን ተሳታፍነት ከዘረጋግጽ በቒዕና ኣለና። እዚ ማለት ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ማለት ካብ ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃ፡ ካብ ኤርትራ፡ ካብ እስራኤልን ካልእን ንዝመጹ መንእሰያት ከሳትፍ በቒዕና ኣለና። ዋዕላና ድማ ኣብቲ ዝድለየሉ ግዜ ብጽቡቕ ተኸፊቱን ተኻዪዱን፡ ጸብጻባት ቀሪቡን ኣብ ህሉው ኩነታት'ውን መግለጺታት ተዋሂቡን'ዩ። ብዘውሳኺ ናይ ብዙሓት ሓለፊቲ ሚኒስትሪ፡ ኣምባሳደራት፡ ናይ ህዝባዊ ኮማዊ ጉዳያት ቆንስላት ኣብ ዝተፈላለዩ ሚኒስትሪና ዝሰርሑ'ውን ኣብቲ

ዕላማን ወጺኡ ዘሎ መደብ ስራሕን ክጽመዱ ስለዘለዎም፡ ኣብቲ ኣኼባ ተሳቲፎም'የም። እዚ ከኣ ኣብቲ ገምጋም፡ ኣብቲ ዘለና ሕጽረታት፡ ኣብቲ ተኻዪዱን ተበጺሑን ዘሎ ገስጋስ ሓበራዊ መረዳእታ ምዕዛዝ ወሳኒ ስለዝኾነ'ዩ። ምኽንያቱ ሕቶ




መንእሰይ ቴድሮስ ጎይትኦም

ምኽሰኩስ መንእሰያት ልዕሊ ዝኾነ ድማ ሕቶ ብራእይን ማስመርን ህዝባዊ ግንባር ተመሪሕካ ምኻድን ንህዝባዊ ግንባር ንምፍኳን ንምብቃዕን ረዚን ዕላማን ከቢድ ተልእኾን ስለዘለዎ፡ ኩሉና ሓባራዊ መረዳእታ ንምሕዳር ኣብ'ቲ ዋዕላ ከምዝሳተፉ ተገይሩ'ዩ፡ ዘዕጉብ ድማ'ዩ ነይሩ።

እቲ ዋዕላ ንኹሉ ተሳታፋይ ኣሳታፊ ንምግባርን መረዳእታና ከዕዝዘ ዝኸእልን ኣርእስታት ዝሓቖፈ'ዩ። እዚ ዋዕላ'ዚ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ቴማታት ኣተኩሩ'ዩ ዝጋባእ ዘሎ። እቲ ሓደ ባህልን መንነትን ዘተኩረ'ዩ። እዚ ማለት ሃገራዊ ባህልና ንምሕያል ክንንብሮ ዘለና፡ ተራና እንታይ ምዃኑ ንምንጻር'ዩ። እዚ ንምግባር ድማ ኣብኡ ናይ ባህሊ ክኢላታትን ምሁራትን ከምዝቐርቡ ተገይሩ'ዩ። ስለዚ፡ ንባህሊ፡ መንነትን ክብርታትን ኤርትራውያን ንምብሕጋጉን ንምድኻምን ዝዋገር ዘሎ ተጻብኦታት ስለዘሎ፡ በዚ መጠን ንሕና'ውን ነቓሕና፡ ሃገራዊ መንነትናን ባህልናን ዘይሕከኽ ምኻኑ ንምርግጋጽ፡ ከምዚ ዓይነት ኢጋጣሚታት ኑቲ ዘሎ ተጻብኦታት ንክንንጸጥመሉ ዘኽእል መረዳእታ ዘዕሙቕ'ዩ።

እቲ ካልኣይ ቴማ ድማ ኣብ ምሕያል ውዳቤና ዘተኩረ'ዩ። ኩልና ከም እንፈልጦ፡ እቲ ሓደ ቀዳማይ ፖለቲካዊ ተልእኾ ወይ መድረኻዊ ስራሕ ምሕያል ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ኣብ ወሽጢ'ዚ ናይ መንእሰያት ክንርእዮ ከለና ድማ ናይ መንእሰያት ህግደፍ፡ ከም ምንቅስቓስ ውድባዊ ድልዳለን ትካላዊ ዓቕምን ክህነጽ ስለዘለዎ፡ ኣብኡ ጌና ሕጽረታት

ስለዝጸንሐ ምሕያልን ምውዳብን ንሰርሓሉ ዘለና'ዩ። ኣብዚ ዋዕላ ድማ ብምርኽሾ፡ ዘተ፡ ኣስተምህሮታት መግለጺታትን ጸብጻባትን ከምዝቐረበ ተገይሩ'ዩ። መንእሰያት ዕውታት ዜጋታት ንክኾኑ ተወዲቦም ኣብ ናይ ግንባር ይኾኑን ኣብ ናይ ኮሚዩኒቲ ምንቅስቓሳት ኣበርክቲን ኣፍራይቲን፡ መራሕቲን ኣሊዩቲን ክኾኑ ስለዝምልከ፡ እቲ ዋዕላ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይገብሮ።

ኣብዚ ገዝኣቱ ዘለዉ ኣባላትን ዝተፈላለዩ ኣካላትን ድማ ንመልእኽቲ ናይዚ ዋዕላ ሐዞምዎ ናብ ቦታኦም ክኸዱ'የም። ንኹሎም ኣብዚ ዋዕላ ክሳተፉ ዘይክኣሉ መንእሰያት ከምዝበጽሕ ክገብሩ ድማ ሓላፍነቶም'ዩ። ስለዚ፡ ምሕያል ውዳቤ መድረኻዊ ዕዮ'ዩ፣ ንዕኡ ኣሐይልና ድማ ንቕድሚት ክንዘምርሽ ኢና። ኑቲ ዘለና ሕድርን መብጽዓትን ከኣ ብዝዮዮኡ ክንቃለስ ኢና። ንኹሉ ተጻብኦታት'ውን ብሓያል መኸተና ክንፕርጥሞ ኢና።

**መንእሰይ ፊሸን በራኺ ስዩም ካብ ስዊዝርላንድ - ከተማ ጀንቫ፦** ኣነ ኣብ ስዊዝርላንድ - ከተማ ጀንቫ'የ ዝቕመጥ። ኣብዚ ዋዕላ'ዚ ድማ ከም ፕሮጀክት ማናጀር ኮይነ እሰጥፍ ኣለኹ። ኩሉ ተሰሪዑ ዘሎ ፕሮግራማት ብጽፈት ንኽካየድ ከኣ እከታተል ኣለኹ። ኣውዳድባና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ'ኳ እንተሎ፡ ዚያዳ ንኽሕይል ግን ከምዚ ዓይነት ዋዕላ ጸቡቕን ሓጋዚን'ዩ። ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ኣብዚ ዋዕላ'ውን




ጸቢቕ'ዩ ዘሎ፡ ካብ ዝተፈላለየ ዓዲታት ዝመጻ ብርክት ዝበላ ወከልቲ ደቀንስትዮ ኣለዋ። ስለዚ፡ ሳላ ብዝዮዝሉ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ቅርጺን ውዳበን መንእሰያት ህግደፍ እናጸፈፈን እናጸረን፡ ስራሑን ዕላማኡን'ውን ከምኡ እናጸረ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ኣብ ምሕያል መንእሰያት ክህልዎ ዝኽእል ተራ ብእኡ መጠን ልዑል ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን'ዩ። ኩልና መንእሰያት ድማ ንቕሓትናን ውዳቤናን ኣብሪኽና፡ ብሓድነትና ንዝመጽና ፈተነታት ገጥ ኢልና ክንሰግሮ ኢና።

## ደብዳበታት ቀንበብቲ

ፍናን መሓሪ

# ገዛ በቕሉ ዝሓድረሉ ዘሎ ኣርባዕተ ኣስመራ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ገዛ መዓልታዊ በቕሉ እዩ ዝሓድር። እዚ ተርእዮ ካብ ዝቀላቐል ሓጺር እዋን ኣይገበረን። እዚ ናይ "ምህናጽ" መስርሕ ካብ ሰዓት 2፡00 ናይ ለይቲ ጸላም ተጎልቢቡካ እዩ ዝፍጸም። ልክዕ ንምኳን እቲ ለይቲ ለይቲ ዝህነጹ ዘሎ እንዳ ጉብርኤል ቤተክርስትያን ኣብ ዝርከብ ጎቦ እዩ። ብቐትሪ ዘይምህናጹ ሓደ ዘመልክተልካ ነገር እንተልዩ እቲ ዝሰራሕ ዘሎ ስራሕ ዘይሕጋዊ ምኳኑ እዩ።

እቶም ኣብዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ተዋፊሮም ዝርከቡ እቲ ተሓቢኦምን ተኸፊሎምን ዝሰርሕዎ ዘለዉ ከይኣኽሎም፣ መንግስቲ ኑቲ ገዚፍ ባጀት ኣፍሲሱ ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ምምሕዳራት፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኮማት ኣኽቲቱ ዝተኸሎን ዝገረቦን ቀላማጦስ ቆቑሪጾም ከም ሞራለ ይጥቀሙሉ ኣለዉ። መሬት ብውሕጅ ከይብሕገጉ ተተኺሎም ምህላዎም እናፈለጡ ብደይ መደይ ኣብ ምቑራጾምን ምብራሶምን ተዋፊሮም ብምህላዎም ንኹሉ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ኣሻቓሊ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ። ቤት ጽሕፈት ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ፣ ምስ ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ከምኡ'ውን ጨ/ሚ/ ሕርሻ ዞባ ማእከል ብምትሕብባር እዚ ጸላም ተጎልቢቡካ ዝፍጸም ዘሎ ተግባራት መጽትኢ ክግበረሉ ኑቶም ኣብኡ ተዋፊሮም ዝርከቡ ድማ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስዱሎም እምሕጸን።

*ኪሮስ ምሕጹን (ወዲ ምሕጹን)*
*4ተ ኣስመራ*

# ሸቓጥ ኣብ ማእከል ጽርግያ ኣይገርገረን ዶ!



ቅድሚ ገለ ዓመታት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብመራኸቢ ብዙሃን ከይተረፈ ዝሾሳ ነገር ኣብ ጎደና ከይሸጥ መምርሒ ሂቡን ሓበሬታ ኣመሓላሊፉን ነይሩ። እዚ መምርሒ እዚ ንሓጺር ግዜ ሰሪሑን ተሰሪሑሉን እኳ እንተኾነ፣ ካብ መዓልታት ዝሓልፍ ኮይኑ ግን ኣይተረኽበን። ከምዚ ማብልየይ ሓበሬታ ምስ ተመሓላለፈ ኣብ ጎደናታት ጥር ዝበል ሸቓጣይ ይረአ ኣይነበረን።

ድሕሪ ግዜ ግን እቲ ብትርን ብጥብቅን ዝጀመረ ምቁጽጻርን እናተሻርሸረን እናላሕለሐን ስለዝመጸ ጎደናታትና ብ"ሸቓጦ" ኣዕለቕሊቑስ ኣጋር መሕለፊ ክስእን፣ ሱብ ተሽከርከርቲ ክህዙ መዓልታዊ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ንሕጂ ጸቒጠ ክጽሕፈለን ደልየ ዘሎኹ ኣብ ጎደናታት ዓዲ ኳላ፣ ኣከለጉዛይ፣ ወድ ጋኽ፣ ሓማሴን፣ ባርካን ዓዲቐይሕን፣ ማርሳ ዕዲ ዝርከብ ጽርግያ ኮላ ማርቻብቲ ብቐጽሪ ዘይብሎም "ሸቓጦ" ዝዕየድ ዘሎ ቅጥዒ ዝሰኣነ (ወግዒ ዘይብሉ) ንግዲ እዩ። ከም ወዮ ሓደ ተጫራቓይ ዝበሎ "ብዝለፈጆ ዶ ክንመሓላለፍ" ንኸምኡ ዝዕድም መገዲ እዩ ሐዙ ዘሎ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። "ሸቃጦ" ኢና በሃልቲ ንመንገዲ ኣጋሩ ንጽርግያኡ ብምቁጽጻር ንሰበት ምንቅስቓስ ምሽላኣ ዝበሎ ድማ እዩ። ግብሪ ንመንግስቲ ዘይከፍሉ ኣብ ርእሲ ምኳኖም ኑቶም መንግስቲ ዝሓቶም ዘበለ ዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ (ሸቓጦ) ዝቃጸጹን ዘናኽሙን ብምኳኖም ሽለል ኢልካ ክትሓልፎም ዝከኣል ኣይኮነን።

እቲ ኣብ መገዲ ኣጋር ምጣጥሲ ለሚደናዮን ናትና ኢልና ሐዝናዮን ኢና። ኣብ ማእከል ጽርግያ ካኘኻን መሸማዕፅን ዝርገሕካ ሸቓጥ ምኪያደክ እንታይ ቋንቋ ኢና ከውጽኣሉ። ብኣውደ ኣመትን በዓላትን እናመላመሉን እናመሻኸኻን ኣብ ጽርግያ ክዕየድ ዝተራእየ ሸቓጥ ናይ ኣሕምልቲ ኣብ ጎደናታት ባርካ፣ ዓዲቐይሕ፣ ሓማሴን፣ ዓዲ ኳላ፣ ኣከለጉዛይ፣ ኣብ ከባቢ እንዳ ሚኒባስ ማይ ኣቦሻውል ጎደና ወድጋን ጽርግያ ዓጊትካ ዝተራእየ ሸቓጥ ናይ ሶትን ዕፉንን፣ ኣብ ጎደና ማርሳ ዕዲ ይትረፍ ንመኪና ንሓደ ሰብ ምሕላፍ ክሳብ ዘሸልእ ምዝርጋሕ ናይ ኩዳውንትን በላሮጥን፣ ኣብ ብልቀ ጉዳይፍ ኣብ ጽርግያ ዘርጊሕካ ዝተራእየ ሃተምተም ናይ ሸቓጥ ንኣዳም ገረሞ ዘብል እዩ። ኣብ ደሮ በዓል ፋሲካ "መንገዲ ኣጋር ምእካል ኣብዩምምስ ኣብ ማእከል ጽርግያ ድማ!" ዝበሉ ሰባት ውሑዳት ኣይነበሩን። ናበይ ገጹ እዩ ግን ዝኸይድ ዘሎ እዚ ቅጥዒ ዝሰኣነ ዘይሕጋዊ ሸቓጥ!

ናይ ዕለት እንገራሖም ኣይማእርሩ ኣይኮነን ዘሎ እቲ መረረ። ቅጥዒ ይሰእን ኣሎ ኩሉ ነገራቶም፣ ሕጊ ይጡሓስ ኣሎ እዩ እቲ ሕቶ። ንምኳኑ ኣጋርን ወሰንቲ ተሽከርከርትን መዓስ እዮም ኣስተርሕዮም ክንቀሳቐሱ? እቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ብምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝወጸ መምርሒ እናተጋሃሰን ብንዕቀት እናተጣሕሰን ሱቕ ኢልካ ምዕዛብ ቅኑዕ ዲዩ? ወተሃደራት ከተማ'ኸ እዚ ዘይርኣዩ ዲዮም? ሓደ ቅጥዒ ክትሕዝዎ ለበዋና ነመሓላልፍ።

*ዑመር ከሊፉ*
*ኣድላሓት ከብዶም ኣስመራ*

# ያኢ ሕጊ ትራፊክ የኽብሩ እዮም ክበሃሉ

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም "ጽርግያታትና ቀለም ናፊቖም" ተባሂሉ ዝተጻሕፈ ብልክዕ ጽርግያታትና ቀለም ናፊቖም ኣለዉ። እቲ ጸገም ግን ንሱ ጥራይ ዲዩ? ኣጋርን ወሰንቲ ተሸከርከርትንከ ሓላፍነታውያን ብምኳን ንጽርግያ ሕጊ ትራፊክ ተኸቲሎም ይጥቀሙ ኣለዉ ክንብል ንኽእል ዶ? ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ዝህልዉሉን ንፖሊስ ከርእዩ ክብሉ ንኣጋር ቀዳምነት ዝህቡ ሰብ መካይን ውሑዳት ኣይኮኑን። ያኢ ሕጊ የኽብሩ እዮም ንኽበሃሉ። ኣጋር እውን እንተኾኑ ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ዝህልወሉ ብዜብራ ላይን ካብን ናብን ክሰግሩ ይረኣዩ እዮም። እቲ ኣተሓሳስባ ዝኸውን ዘሎ ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ዘይህልወሉ ኣጋር ኣብ ፍርቂ ዜብራ ላይን ዋላ በጺሖም ከለዉ ተጋጊኻ ክትሓልፍ ምፍታን መለለዪ ናይ ሰብ ተሽከርከርቲ እዩ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። በቃ ምቅድዳም!

ኣጋር እውን እንተኾኑ ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ዘየለዉሉ ብድላይኻን ንሓደጋ ብዘዕድምን ጽርግያ ምቑራጽን ምብታኽን ዕጥቀም እዮም ክበሃል ይከኣል። ብኸምዝን ወዲ ከምዝን ሕጊ ትራፊክ ክጥሕሱን ኣብ ሓደጋ ክኣትዉን ዝረኣዩሉ እዋናት ዘየሎ ኣይኮነን። ተጠቀምቲ ዜብራ ላይን (ኣጋር) ሕጊ ኣብ ዝጥሕሱሉ ክቐጽዑ ርእየን ተዓዚበን ኣይፈልጥን። ንምንታይ መቕጽዒ ሕጊ ዘይደንገገሎም? ኣጋር እምበኣር ይቐጽዑ ስለዘየለዉ ኣብ ደረጃ ምሕንቃቖን ፋሉልነትን ይርከቡ ኣለዉ። ብጽምኢ ቀለም ዝሳቐዩ ዘለዉ ጽርግያታትን ክልከዩ ከምዝለዎም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ ዘይብሉ እዩ። እቲ ቀንዲ ዘገድስ ግን ወሰንቲ ተሽከርከርቲ፣ ኣጋር ናይ ምስሉይነት ኣካይዳ ምስ ዝገድፉ ጥራይ እዩ ኩሉ ዕወት ክኸውን ዝኽእል። ፖሊስ ትራፊክ እናኽትርኢ ሕጊ ምኽባር ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ዘይህልወሉ ከም ድላይካ ምዕንዳር ግና ዘውሓጥ ኣይኮነን።

*ሶሚር ናፍዕ*

# ሰእልታትን ጽሑፋትን ኣብ ዲቪዛ እንታይ ኣምጽኦ

ኣብ ዝሓለፈ ናይ ሓሙስ ሕታም "ጉዳይ ዲቪዛ እንታይ እዩ ጉዱ?" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሓደ ደብዳቤ ተኣንጊዱ ምንባሩ ይዝከር። ገለ ካብቲ ዝተጠቕሰ ድማ ኣለባበሳን ኣተዓጣጥቓን ናይ ዲቪዛ ኮላ ክራብታ ኣይግድን ከምዝሎ እዩ። ናይ ዲቪዛ ካብ ተላዕለ እምበኣር ኣነ'ውን ብዓቕመይ ንራኣዩኡ ዘገሀን ብኣጋ ክቑጽ ኣለዎ ዝብልኩዎን ትዕዝብቲ ወሰ ኩብል። እዚ ድማ ብጠዘሐ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዝዘውተር ዘሎ እዩ።

ገለ ካብቲ ዝተዓዘብኩዎ ተማሃሮ ነንሓድሕዶም ኣብ ዝባን ዲቪዛኦም ሰእልታት፣ፍቕራውያን ጥቕሲታት፣ኣጸያፍቲ ምልክታት ምስኣልን ምጽሓፍን ከም ልምዲ ከዘውትሩዎ ምርኣይ እዩ፣ንጹር ንምግባሩ ገለ ካብቲ ኮነ ኢለ ተኸታቲለ ዝመዝገብኩዎ የሱስ ዝተሸንከረሉ ሰእሊ፣ብቀይሕ ሕብሪ ዝወቀበ ንፍቕሪ ዝገልጽ ልቢ፣ ኣፍ ናይ ክልቲኦም ጾታ ተላጊቡ ዘርኢ ሰእሊ፣ኣብ ከንፈር "I love you" ዝተጻሕፎ ፍቕራዊ መግለጺ ፣ፍቕራውያን ጥቕሲታት ተጻሒፍዎን ተሳኢልዎን እንክርኢ ቡቲ ሓደ ንጥቡበን ውሕልነትን ናይቶም ሰኣልቱን ጸሓፍቱን ከድንቕ ከሎኹ ቡቲ ካልእ ሸነኹ ድማ ኣብ ዲቪዛ ምኳኑ እምብዛ የሕዝነንን ይገህየንን። "እዘን ውሉላታት ኣእዳውሲ ኣብ ዲቪዛ!" እናበልኩ ከኣ ብሓዘን እልሎ። በዚ ጉዳይ እዚ መማህራን ወትሩ ይሓሙ ጥራይ ዘይኮነ ኑቶም ንዲቪዛኦም ከም መስኣልን መጽሓፍን ዝጥቀሙሉ ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ክወሰዱሎም ይረኣዩ እዮም፣እቲ ኮይኑ እቲ ኣብቲ ንመምሃሪ ተባሂሉ ዝተዳለወ ዲቪዛ ከምዚ ዝኣመሰለ ምስ ስነምግባር ሓደ ተማሃራይ ዘይከይድ ክፍጸም ብምንታይ ክግለጽ ይከኣል?ምስ ምንታይ ደኣ ምስ ፋሉልነት!

*ካብ መምህር ሰለሙን*

# "ኣብ ርእሲ ኣላታ ተወሰኽታ" ኮይኑና

ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ናይ 2013 ካብ ዞባታት ማእከል፣ ዓንሰባን ላዕላይ ጋሽባርካን ልዕሊ 2000 ኝኸውን ሓረስቶት ንሕርሻ ዝኸውን ክልተ ሄክታር ግራት ተመሪሑልና ኣብ ከባቢ ኣምሓጀር ከሪምና። ብመንግስቲ ናይ ትራክተራት፣ ዘርኢ መሸላን መሻርፍን ሓገዝ ተገይሩልና። እዚ ድማ ከየመስገንና ክንሓልፍ ኣይንደልን። እዚ ክንብል ከሎና ግን ናይ ምሕደራ ጸገም ኣይነበረን ማለትና ኣይኮንናን።

ክረምቲ ኣይሓገዘን፣ መጸመጸ ዝተባህለሉ መሸላ ከኣ ኣብ ምውላዱ ተኸሊፉ ብድኑት ዓቕምና ዝገበርናዮ ወጻኢታት ከም ክሳራ ተሰኪምና ተመሊስና። ብድሕሪዚ "ቃንጫ ከዕድገልኩም'ዩ" ተባሂልና ኣብ ርእሲ ልቓሕልቓሕ ወሲኽና ቃንጫ ኣኪብና ኣብቲ ቦታ ንዝነበረት ኣሃዱ ማሺነሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣረኪብና ብዘይ ክፍሊት ኣቲና። ኣብ ዝሓጸረ ክኽፈለና ምኳኑ ተሓቢሩና ከበቅዕ ዛጊት መን ከም ዝኸፍለና፣ ኣበይ ከምንኽፈል፣ ክሳብ መዓስ ኢና'ሸ ክንጽበ? መን እዩ ተሓታቲ? ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እናበልና ኣብ ሰንፈላል ንርከብ። እቶም ዘውፈሩና ዞባ ማእከል፣ ዓንሰባን ጋሽ ባርካን ብዛዕባ እዚ "ኣብ ርእሲ ኣላታ ተወሰኽታ" ኮይኑና ዘሎ ጉዳይ መሸጣን ክፍሊት ናይ ቃንጫን ኣመት ብምግባር ሓደ መዕለቢ ክገብሩሉ ንምሕጸን።

*ካብ ዘበሬ ኬታይ*

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ቴንስ ሰደቓ

ፌደረሽን ቴኒስ ሰደቓ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ውድድር ቴኒስ ሰደቓ ከካይድ መደብ ምሓዙ ትማሊ ንሓዳስ ኤርትራ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ስሩዕ ውድድር፡ ህጻናት ከምኡ እውን ነባራት ተጻወትቲ ከም ወትሩ ክሳተፉ መደብ ተታሒዙሎም ኣሎ። እቲ ውድድር ዝመጽእ ቀዳመን ሰንበትን ካብ ሰዓት 8:30 ቅድሚ ቐትሪ ጀሚሩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ዝካየድ ኮይኑ፡ ጎደኒ ጎደኒ እቲ ውድድር ድማ ንሓድሽቲ ተጻወትቲ ምዝገባ ከምዘካየድ እቲ ፌደረሽን ወሲኹ የረድእ።

** ** **

## ማይተመናይን ገዛ ባንዳን ተዓዊተን

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ኲዕሶ እግሪ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል፡ ማይተመናይ ንኲባንያ ህንጻ ሰገን 2ብ0 ክትረትዓ እንከላ፡ ገዛባንዳን ድማ ንዕዳጋ ሓሙስ 4ብ0 ደሂኻታ።



ማይተመናይን ሰገንን ኣብ ቀዳማይ እብረ ብዘይ ሽቶ እየን ተፈላልየን። ኣብ ካልኣይ እብረ ግን ማይተመናይ ንልዳት ሰገን ኲተፍርስ 15 ደቒቕ ጥራይ እያ ተጸቢያ። ሮቤል ተኸለብርሃን ድማ ብፍጹም ቅላዕ ንጋንታኡ መሪሕነት እተትሕዝ ሽቶ ኣቑጸረ። በዛ ሽቶ ፍናን ዝሰነቑ ተጻወትቲ ማይተመናይ ካልኣይቲ ንምድጋም ጸዓቱ። ጸወታ ንኽዛዘም ኣስታት ሽዱሽተ ደቓይቕ ምስ ተረፎ፡ እተደልድል ኲዕሶ ኣብ ሰኪዔት ኣንጻር ጋንታኡ ኣቐመጠ። ጸወታ ድማ 2ብ0 ተዛዘመ።

ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ሸሞንተ ጸወታታት ዘካየደት ማይተመናይ 19 ነጥቢ ኣዋህሊላ ኣላ። እዛ ሓንሳብ ጥራይ ብደንደን 2ብ0 ዝተደፍረት ጋንታኣ መሪሕነት ናይቲ ውድድር ሒዛ ትርከብ።

ኣኣብ ካልኣይ ጸወታ ናይቲ ዕለት፡ ዕዳጋ ሓሙስን ገዛባንዳን እየን ተራኺበን። ኣብቲ ገዛ ባንዳ ላዕለዋይ ኢድ ዝሓዘትሉ ግጥም፡ ኣማኑኤል ደምሴ ኣብ 10ይ ደቒቕ፡ ከምኡ እውን ድሕሪ ክልተ ደቒቕ ክልተ ሽቶታት ብምምዝጋቡ ንጋንታኡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ መሪሕነታ ኣውሓሰ። ዮናስ ተስፉማርያም ድማ ንገዛ ባንዳ ሳልሰይቲ ሽቶ ብምምዝጋብ ነቲ ግጥም ብናይ 3ብ0 መሪሕነት ናብ ዕረፍቲ ኣምርሖ።

ኣብ ካልኣይ እብረ እውን ገዛባንዳ ንልዳት ዕዳጋ ሓሙስ ካብ ምኹሕኳሕ ዓዲ ኣይወዓሉን - ከም ቀዳማይ እብረ ክሰልጡም ግን ኣይከኣለን። እንተኾነ፡ ጸወታ ንኽዛዘም ኣስታት ሸውዓተ ደቒቕ ምስ ተረፎ ገዛባንዳ ። ብመገዲ ይከኣሎ ሕድሮም ራብዐይቲ ሽቶ ኣመዝገበት።

ግጥማት ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሎሚ መዓልቲ እውን ክቕጽል ምኳኑ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ይሕብር። በዚ መሰረት፡ ኣባሻውል ምስ ኣኽርያ፤ ኣርባዕተ ኣስመራ ድማ ምስ ጎዳይፍ ኣብ ስታድዩም ክጻወታ መደብ ተታሒዙለን ኣሎ።

** ** **

## ኣትለቲክስ

### ቻይና፡ ንጉስ ኣምለሶም ክብረወሰን ኣመሓይሹ

ዝሓለፈ ሳልሳይ ኣብ ቻይና ኲተማ ያንግዡ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ጉያ ኤርትራዊ ኣትሌት ንጉስ ኣምለሶም ቀዳማይ ብምውጻእ ኣንጸባራቒ ዓወት ኣመዝጊቡ።

ኣብቲ ብማሕበር ኣትሌቲክስ ዓለም ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለዎ ውድድር ፍርቂ ማራቶን፡ ንጉስ ኑቲ ዝሓለፈ ዓመት ብኢትዮጵያዊ ያቆብ ጃርሶ ዝተታሕዘ ናይ 1 ሰዓትን 39 ካልኢትን ግዜ፡ ብ31 ካልኢት ብምምሕያሹ ክብረወሰን ናይቲ ቦታ ጨቢጡ።

መርበብ ሓበሬታ ያፍ፡ እቲ ውድድር ልዑል ተወዳዳርነት ከምተራእየ ገሊጹ። ናይዚ ውጽኢት ድማ፡ ሓሙሽተ ኣትሌታት ኑቲ ውድድር ትሕቲ 61 ደቒቕ ምዝዛሞም ከም ጉሉሕ ነጥቢ ኣልዒሉ።

ክብረወሰን ናይቲ ቦታ ዝሓዘ ጃርሶ ኣብቲ ናይ ትማሊ ሰንበት ውድድር ኣይተሳተፈን። እንተኾነ፡ ሓያል ዝኾኣደ ግዜ ዘለዎም ኬንያውያን ብምስታፎም ተመዝጊቡ ዝነበረ ግዜ ከምዝመሓየሽ ብኣጋኡ ተገሚቱ ነበረ።

ቅድሚ እቲ ውድድር ሓደ ካብቶም ኣቓልቦ ዝረኸቡ ኣትሌታት - ወዲ 27 ዓመት ንጉስ ኣምለሶም ነበረ። እቲ ኣብዚ ዓመትዚ ሳልሳይ ናይ ፍርቂ ማራቶን ውድድሩ ዘካየደ ኣትሌት፡ ካብ ፈለማ ክሳብ መውዳእታ ንጸወታ ብምቁጽጻር ላዕለዋይ ኢድ ምሓዙ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ኣብ ጎደኒ ንጉስ ዝተሰለፈ ካልእ ኤርትራዊ ኣትሌት - ግርማይ ገብረስላሰ ብ1:01:37 ብዝኾነ ግዜ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ብምብጻሑ ዓስራይ ወጺኡ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር 1:00:46 ግዜ ብምምዝጋብ ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዘ ንጉስ፡ ኣብ ዝሰዓብ ውድድራት ፍርቂ ማራቶን ዘመዝገቦ ግዜ ዝሓሸ እናኾነ እዩ መጺኡ። ኣብ ራስ ኣል ካይማን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብ59፡39 ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ምብጽሑ ድማ ክሳብ ሌዕቲ ሎሚ ዝበለጸ ግዚኡ ኮይኑ ተመዝጊቡሉ ይርከብ። ብተወሳኺ ብያፍ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ሻምፕዮን ዓለም እቲ ኻካስ' ኣትሌት ሓሙሻይ ደረጃ ብምሓዝ ኤርትራ ብደረጃ ጋንታ ቀዳመይቲ ክትወጽእ ኣበርክቶ ምግባሩ ናይ ትማሊ ተዘክሮ እዩ።

ንመጀመርታ ግዚኡ ኣብ ኣህጉር ኤስያ ዝተወዳደረ ኬንያዊ ኤድዊን ሮቲች ኑቲ ናይ ቻይና ውድድር ብ1:00:17 ብምዝዛሙ ካልኣይ ክወጽእ እንከሎ፡ ወዲ ዓዱ ቸቦገል ድማ 1:00:22 ሳልሳይ ወጺኡ።

ድሕሪ እቲ ውድድር ንጉስ ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እቲ ውድድር ሓያል ነይሩ። ግን እኹል ምድላዋት ገይረ እየ ከይደ። እንተኾነ ጉዕዞ ምስ ምንውሑ (ትራንዚት ምስ ምብዝሑ) ኑቲ ዝተለምክዎ ግዜ ከመዝግብ ኣይከኣልኩን። ምስ ኩሉ ጸገማት በዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ግዜ እውን ዕጉብ እየ" ኢሉ።

ንውድድር ደቂ ኣንስትዮ ኬንያዊት ኣትሌት እያ ተዓዊታትሉ - ግላዲ ቸሮኖ። እታ ንክብረወሰን ናይቲ ቦታ ከም ንጉስ ዘመሓየሸት ኣትሌት፡ ብ1 ሰዓትን 08 ደቒቕን 16 ካልኢትን ኣብ መዛዘሚ ክትበጽሕ እንከላ፡ ኤርትራዊት ኣትሌት ናዝሬት ወልዱ ድማ ብ1:10:51 ሻመኣይቲ ኮይና ምስ ብሉጻት ዓሰርተ ተሰሪዓ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብሰኑይ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ቦስተን፡ ኤርትራዊ ኣመሪካዊ መብራህቶም ክፍለዝጊ (መብ) ቀዳማይ ኮይኑ።

እቲ ብማሕበር ኣትሌቲክስ ዓለም ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለዎ ውድድር፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለም ዝእንገዱ ሓያላት ውድድራት እዩ። መብራህቶም ድማ ብ2ሰዓትን 08 ደቒቕን 37 ካልኢትን ብምዝዛም እዩ ኑቲ ክብሪ ክዓትር በቒዑ።

** ** **

## ሞቕሽሽ

= "ተኸላኻሊ ሪያል ቤትስ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሽቶ ኣመዝጊቡ። በቲ ኣጋጣሚ ብብኽያት ጀሚሩ፣ ምእባድ እውን ኣበየ፡ ሜዳ ገዲፉ ወጸ" እንተበልናኩም ከ? እቲ ጉዳይ ከምዚ'ዩ። ፓላዎ እዩ ስሙ - እቲ ተኸላኻሊ ሪያል ቤትስ። ክለቡ ምስ ራዮ ቫለካኖ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ናብ ገዛእ ልዳቱ ሽቶ ኣመዝጊቡ። በቲ ፍጻመ ዝተሰናበዱ ደቂ ጋንታኡ፡ ንብዓቱ ርእዮምን ንኻሂኦም ሓቢኦምን ክእብድዎ እኳ እንተፈተኑ - ወዲ ሕንቕንቕ በለ። ኲዕሶ ምቕላዕ ዝተጸገመ ፓላዎ፡ ብኣሰልጣኒኡ ካብ ሜዳ ወጸ። ኣብ መንበር ተቐየርቲ እውን ኮፍ ክብል ኣይከኣለን። ምንባዕ ብዘይምቁራጹ ድማ ናብ ገዛኡ ተላእከ።

= ፖርቱጋላዊት ክለብ በነፊካ፡ ንመበል 33 ግዜኣ ተዓዋቲት ፕሪመራ ሊጋ እታ ሃገር ኮይና። እታ ኣብ ዝሓለፉ 11 ጸወታታት ስዕረት ዘበሃል ከይቐመሰት ኑቲ ጽዋእ ኲተልዕል ዝበቕዐት ክለብ፡ ንሓጎሳ ምስ ልዕሊ 500,000 ደገፍታ ኣብ ጎደናታት ሊዝበን ምጽንባላ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ስሒባ። እቶም ደገፍቲ ንዓበይቲ ጎደናታት ብምውራር ርሸት ከምኡ እውን ጋዜታታት ብምቅጻል ሓጎሶም ገሊጾም። በነፊካ ውድድር ፕሪመራ ሊጋ ከይተዛዘመ እያ ዋንጫ ኣልዒላ። ብተወሳኺ ኣብ ውድድር ታካ ደ ፖርቱጋል ከምኡ እውን ዩሮፓ ሊግ ብምህላዋ ተወሰኽቲ ዋንጩ ኲተልዕል ትኽእል እያ።

## ሞሪኖ ኢዱ ሂቡ



ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ማድሪድ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ፡ ኣትለቲኮ ማድሪድ ምስ ቸልሲ ብዘይ ሽቶ 0ብ0 ተፈላልያ።

ኣብቲ ጸብለልታ ኣትለቲኮ ማድሪድ ዝተራእየሉ ግጥም ተጻወትቲ ለንደን ልዑል ምክልኻል ብምርኣይ ላዕለዋይ ኢድ ክሕዙ ክኢሎም። ቸስሊ ኣብቲ ጸወታ ንጆን ቴሪን ሓላዊ ልዳት ፒተር ቼክን ብሰንኪ መጉዳእቲ ክትኸስሮም ተራእያ። ብፍላይ ፒተር ቼክ ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ዓመተ ስፖርት'ዚ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ተሓቢሩ። ጆን ቴሪ ድማ ኣብ እግሩ ብዝገጠሞ ማህሰይቲ ንሳምንታት ካብ ጸወታ ከምዝእለ ይሕበር። በዚ ድማ ቸልሲ ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ንእተካይዶ ዘላ ቅልስ ብፍላይ ድማ ጽባሕ ሰንበት ምስ ሊቨርፑል ኣብ ዝካየድ ወሳኒ ጸወታ ነዞም ክልተ ተጻወትቲ ምኽሳራ ንሞሪኖ ኣነዲሩ።

ትማሊ ድሕሪ ፊኩስ ልምምድ ጋዜጣዊ ዋልዕላ ዘካየደ ሞሪኖ፡ "ማሕበር ኲዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ንክለባት እንግሊዝ ሓገዝ ይገብር የለን። ምኽንያቱ ካብ ሓያል ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ፡ ናብ ወሳኒ ጸወታ ፕሪመር ሊግ ክንሰጋገር ሰሪዑ ዘሕዝን እዩ። ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ግን ክለባት ናይ መደብ ሓገዝ ክግበረለን ንርኢ ኣሎና። ስለዚ እዚ ግጥም ንሊቨርፑል ዘርብሕን እታ ጋንታ ዋንጫ ንኽትወስድ ዝደፋፍእን እዩ" ክብል ተሰሚዑ።

ሞሪኖ፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ጸወታ፡ ተጻወትቱ ዝተወሃቦም ዕማም ከምዝሰርሑ እቲ ውጽኢት ድማ ነትታክለብ ኣርባሒ ምኳኑን ኣሚቱ። ብፍላይ ሓላዊ ልዳት ፒተር ቼክ ካብ ጸወታ ምእላዩ ኣብ ስነልቦና እታ ጋንታ ጽልዋ ከምዘለዎ እኳ እንተሓበረ፡ ተኪእዎ ዝኣተወ ሓላዊ ልዳት ግና ሰናፍ ከምዘይኮነ ኣረዲኡ።

ኣሰልጣኒ ኣትለቲኮ ማድሪድ ዲያጎ ሴሞነ ድማ፡ እቲ ውጽኢት ዘኽፍእ ከምዘይኮነ፡ ኣብ ሜዳኦም ንዝነበረ ጸብለልትነት ናብ ውጽኢት ዘይምቕያሩ ኣብ ግጥም ካልኣይ ዙርያ ተጻወትቱ ካልእ ጻዕሪ ከካይዱ ከምዝግደዱ ኣረዲኡ።

## ሞየስ...

*ብዛዕባ'ቲ ንሓንቲ ዓመት ስፖርት ኣብ ማን ዩናይትድ ክጸንሕ ዘይከኣለ ሞየስ ማዕከናት ዜና ካብ ዘቐመጥኦ ነጥብታት ምስ እንጠቅስ፥*

= ማን ዩናይትድ፡ 22 ሚያዝያ 2013 ዘውዲ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ደፊኣ። 22 ሚያዝያ 2014 ድማ ንሓድሽ ኣሰልጣኒኣ ሞየስ ኣፋንያ።

= ደቪድ ሞየስ መዘኑት ምስልጣን ክለብ ማን ዩናይትድ ክቕበል፡ ኣሌክስ ፈርጉሰን ዓቢ ድፍኢት ከምዝገበረ ይፍለጥ። ኣብቲ እዋን፡ ፈርጉሰን ደገፍቲ ማን ዩናይትድ ንሞየስ ብምሉእ ልቢ ክድግፉ እውን ጎስጊሱ ኣካይዱ - 'ዓቕሊ ግበሩ' ብምባል። ጽባሕ ምብራር ሞየስ (ትማሊ ምኳኑ እዩ)፡ ሓደ ካብቶም ደገፍቲ ማን ዩናይትድ ነታ ናብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ሒዝዋ ዝመጽእ ዝነበረ ዓባይ ኣርማ (ባኗር) ናብ ጨረታ ምውራዱ ይስማዕ ኣሎ - መበገሲ ናይቲ ጨረታ ድማ 150,000 ፓውንድ እዩ።

= ማን ዩናይትድ ብሊቨርፑልን ማን ሲቲን (ኣብ ሓደ ዓመት ስፖርት) ክትረታዕ ኣብ ዘመን ሞየስ እዩ።

= ማን ዩናይትድ ኣብ ሜዳኣ ኦልትራፎርድ ብስዋንሲ ዝተረትዓትሉ እዋን እዚ ዓመት ስፖርት'ዚ እዩ። ብተወሳኺ ድሕሪ 1972 ኒውካስል ንመጀመርታ ግዚኣ ሎሚ ዓመት ኣብ ኦልትራፎርድ ብዓወት ዓንዲራ።

= ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ማን ዩናይትድ ዝተሓተ ውጽኢታ ሎሚ ዓመት ተመዝጊቡ።

= ማን ዩናይትድ ድሕሪ 1995 ሎሚ ንመጀመርታ ግዚኣ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘሳትፉ ደረጃ ስኢና።

= ማን ዩናይትድ ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 11 ስዕረት (ዝበዝሐ ስዕረት) ዘመዝገበትሉ እዋን እዚ ዓመት ስፖርት'ዚ እዩ።

= ድሕሪ 1969/70፡ ኣብዚ ዓመት ስፖርት'ዚ ኤቨርተን ኣብ ሜዳኣን ካብ ሜዳኣ ወጻእን ንማን ዩናይትድ ረቲዓ።

= ማን ዩናይትድ ኣብ ዘመን ኣሌክስ ፈርጉሰን ሓንሳብ ጥራይ ካብ ሳልሳይ ዙርያ ውድድር ኤፍ ኤ ካፕ ተኣልያ።

= ኣብዚ ዓመት ስፖርት'ዚ ኤዲን ዜኮ ኣብ ቀዳማይ ደቒቕ ንልዳት ማን ዩናይትድ ደፊሩ። እዚ ኣብ ጉዕዞ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ማን ዩናይትድ ናይ መጀመርታ ኮይኑ ተመዝጊቡ።

= ማን ዩናይትድ ሞየስ ውዕሉ ከይኣኸለ ካብታ ጋንታ ብምውጽኡ 10 ሚልዮን ፓንውድ ካሕሳ ክትኸፍል እያ።

= ፈርጉሰን ኣብ ምቑጻር ሞየስ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። መዝኑቱ ኲሓድግ ድማ ልዑል ድፍኢት ገይሩ።

= ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ዝነበረ - ሮይ ኪን ምንቁልቋል ነጥቢ ማን ዩናይትድ ተሓተትቲ ተጻወትቲ እዮም ክብል ተሰሚዑ።



ተስፋ-ኣለም የማነ

# ብሸፋቱ ባሕሪ ዝተራሰየት ደርማስ መርከብ ጃፓን



ዝተጻረየ ነዳዲ ጽዒና ብመጸብቦ ማላካ ተምርሕ ዝነበረት ደርማስ መርከብ ጃፓን፡ ኣብቲ ከባቢ ኣድካቦም ብዝጸንሑ ሸፋቱ ባሕሪ ድሕሪ ምጭዋያ ጽዕነታ ተራሲዩ ከምዝተረኽበት ተገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣሶሺትድ ፕረስ፡ እታ መርከብ ልዕሊ 5 ሚልዮን ሊትሮ ነዳዲ ጽዒናትያ ትማሊ ረቡዕ ካብ ሲንጋፖር ናብ በርማ ተምርሕ ኔራ። እንተኾነ ኣብቲ ኣብ ከባቢ ኢንዶነዥያ ዝርከብ መጸብቦ ድሕሪ ምብጽሓ ፈጣናት ጀላቡ ብዝዓዘዙ ሽዱሽተ ዕጡቓት ሸፋቱ ባሕሪ ተኸቲራ። እቶም ሸፋቱ ነታ መርከብ ኣንፈታ ቀዪሮም ናብ ምሕደግ ዝበለ ቦታ ድሕሪ ምውሳድ፡ ጽዒናቶ ንዝነበረት ነዳዲ ብሉ ንብሉ'የም ናብ ክልተ ዓበይቲ ጀላቡ ከዕርቅዎ ጀሚሮም። ብጠቕላላ ልዕሊ 3 ሚልዮን ሊትሮ ዝግመት ነዳዲ ዘሚቶም ድማ ነታ መርከብ ኣብ ቦታኣ ገዲፎማ ተሰዊሮም። ኣቦላት ሓለዋ ባሕሪ ኢንዶነዥያ ነቶም ዘይተኣደነ ነዳዲ ዘሚቶም ዝተሰወሩ ሸፋቱ ንምርካብ ጻዕሪታትኳ የካይዱ እንተሃለዉ፡ ዛጊት ግን ዝኾነ ኣሰር ክረኽቡ ኣይካኣሉን ዘለዉ። ኣብታ መርከብ ዜጋታት ህንዲ፡ ኢንዶነዥያ፡ ታይላንድን በርማን ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ከምዝነበሩ ዝጠቐሰ እቲ ዜና፡ ሰለስተ ካብኣቶም በቶም ሸፋቱ ተጨውዮም ምህላዎም ኣመልኪቱ። ሰብ ስልጣን ጸጥታ ናይ'ቲ ዞባ ነቲ ጭውያን ራሰያን ዘካየዱ ሸፋቱ ባሕሪ ምስቶም ኣብታ መርከብ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ምትእስሳር ኔርዎም ክኸውን ከምዝኽእል ዝእንፍት ሓበሬታ ድሕሪ ምርካቦም፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሰራሕተኛታት መርመራ ክካየድ ኣዚዞም ኣለዉ።

ጸብጻባት ከምዝመልክትዎ፡ ብመራኽብ እናተጓዕዘ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ካብ ዝቐርብ ነዳዲ፡ እቲ ኣሰታት ሓደ ርብዒ ብመጸብቦ ማላካ ኣቢሉ'ዩ ዝሓልፍ። ክንዲ ዝኾነ፡ ዘመናውያን ጀላቡን ወታሃደራዊ ዕጥቒን ዝዓጠቑ ሸፋቱ ባሕሪ ኣብዚ ስትራተጂያዊ መጸብቦ እናንቀሳቐሱ ኣብ ልዕሊ ሓያለ መራኽብ ናይ ጭውያን ራሰያን ተግባራት ክፍጽሙ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ከምዝጸንሐ'ዩ ዝግለጽ። ኣብ ዝሓለፈ 2000 ዓ.ም ጥራይ ኣብቲ መጸብቦ 240 መጥቃዕቲታት መራኽብ ተኻዪዱ ምንባሩ ዝጠቐሱ እቶም ጸብጻባት፡ ዝበዝሕ ካብቲ በቶም ዕጡቓት ሸፋቱ ዝራሰ ነዳዲ ብሕቡእ ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ከምዝሸየጥ የረድኡ።

# ናይጀርያ፡ ዝተጨወያ ደቀንስትዮ ንምርካብ ክካየድ ዝጸንሐ ስርሒት ይቕረጽ



ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ፡ ብዕጡቓት ጉጅለ ቦኮ ሓራም ተጨውየን ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ተወሲደን ንዝርከባ ኣስታት 200 ደቀንስትዮ ተማሃሮ ንምርካብ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ምድሓን ስርሒት ተቛሪጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣሶሺትድ ፕረስ፡ ሰድራቤትን መቕርብን ናይ'ተን ዝሓለፈ ሰሙን ካብ ዝማሃራሉ ዝነበራ ኣሕዳሪ ቤትትምህርተን ዝተጨውያ ልዕሊ 230 ተማሃሮ'የን ተጠርኒፎም ነቲ ናይ ምድሓን ስርሒት ክካየድዎ ጸኒሖም። እንተኾነ ፖሊስ ይኹኑ ወታሃደራት ናይጀርያ ኣብቲ ስርሒት ከምቲ ዝድለ ክተሓባበሩዎም ስለ ዘይከኣሉ፡ ተስፋ ቆሪጾም ክቋርጽዎ ተገዲዶም ምህላዎም ሓቢሮም።

ንሳቶም፡ እቶም ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ከምዘለዎም ዝንገረሎም ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ነተን ተማሃሮ ጨውዮም ኣብቲ ምስ ካሜሩን ዝዳወብ ጫካታት ዓሪዶም እንክለዉ፡ ኣማዕድዮም ብዓይኖም ከምዝረኣይዎም፡ እንተኾነ ንህይወቶም ብምስጋእ ደፊሮም ክቐርብዎም ከምዘይካኣሉ'ዮም ዝሕብሩ ዘለዉ።

ሰብስልጣን ጸጥታ ናይጀርያ፡ እተን ተማሃሮ ተጨውየናሉ ዘለዋ ቦታ ብልክዕ እናፈለጡ ናጻ ንምውጻአን ዛጊት ዝኾነ ተበግሶ ክወስዱ ብዘይምኽኣሎም ድማ እምብዛ ኣቖጢዖምም ምህላዎ። እቶም ወገናት ወሲኾም የረድኡ።

ክሳብ ዓንቀርም ዝዓጠቑ ሓያለ ኣቦላት ቦኮ ሓራም፡ ዝሓለፈ 14 ሚያዝያ ኣብ ዞባ ቦርኖ 'ቺቦክ' ናብ ዝተባህለት ከተማ ብምእታዉ'የም ነታ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣሕዳሪት ቤትትምህርቲ ክሃጅምዋ ክኢሎም። ወላ'ኳ ኣብታ ከተማ ኣብ ሓለዋ ዝተዋፈሩ ወታሃደራት መንግስቲ እንተነበሩ፡ ነቶም ዕጡቓት ክየጋጥምዎም ግን ዓቕሚ ከምዘይነበሮም'ዩ ዝሕበር።

በቲ ዘካየድዎ መጥቃዕቲ ልዕሊ 230 ደቀንስትዮ ተማሃሮ ክጨወዩ እንከለዉ፡ ካብኣተን ዛጊት እተን 39 ጥራይ ኣምሊጠን ናብ ሰድራኣን ተመሊሰን ምህላወን ይግለጽ።

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ወታሃደራዊ ስርሒት ብምኽያድ ንብምሉኣን'ተን ተማሃሮ ናጻ ከምዘውጽኣን'ዩ ገሊጹ ኔሩ። ኮይኑ ግን እቲ ዝሃቦ ሓበሬታ ውጹእ ሓሶት ምዃኑ ብሰድራቤት ግዳያት ክኸሽሕ ግዜ ኣይወሰደሉን።

እቲ ሰራዊት፡ ናጻ ንምውጽኣን ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስድ ብዘይምኽኣሉ ካብ ሓያለ ወገናት ከቢድ ወርደት የጋጥሞ ከምዘሎ'ውን ይሕበር። ሃይማኖታዊ ኣጀንዳታቱ ንምዕዋት ግብረሸበራዊ መገዲ ክኽተል መሪጹ ከምዘሎ ዝንገረሉ ቦኮ ሓራም፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ጥራይ ብዘካየዶ ሓያለ መጥቃዕቲታት ዛጊት ልዕሊ 1,500 ናይጀርያውያን ህይወቶም ስኢኖም ከምዘለዉ ጸብጻባት'ታ ሃገር የመልክቱ።

ዕጡቓት ናይጀርያ ነተን ግዳያት ናጻ ከምዘለቕቕወን ዝሃብዎ መግለጺ ሓሶት ምንባሩ ከምእተገልጸ ይፍለጥ።

---

# "ሓደ ሰሶ ካብ ካናዳውያን ኣብ ቁልዕነተን ዓመጽ የጋጥመን" መጽናዕቲ



ኣስታት ሓደ ሰሶ ካብ ዜጋታት ካናዳ፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነተን ዘሰቅቕ ኣካላውን ጾታውን ዓመጻት ዘጋጥመን ከምዝኾና ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣነጺሩ።

እቲ ብተመራመርቲ'ታ ሃገር ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ፡ ካብቶን ኣብቲ መጽናዕቲ ክሳተፋ ዝጸንሓ ልዕሊ 10 ሽሕ ካናዳውያን እተን 32% ኣብ ግዜ ንእስነተን ግዳይ ናይ'ዚ ተግባር ኮይነን ከምዝኾና ክረጋገጽ ተኻኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ እተን ኣብ ግዜ ቁልዕነተን ግዱድ ጾታዊን ኣካላውን ዓመጻት ዘጋጠመን ዜጋታት ካናዳ፡ ኣብ ዝቐጽል ህይወተን ካብቶም ዝኾኑ ጸገማት ከየጋጠመን ዝሓለፋ ንላዕሊ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ብምምዕባል ፈተነ ነብሰ-ቅትለት ክካይዳ ከምዝራኣያ'ውን ኣብቲ መጽናዕቲ ክረጋገጽ ተኻኢሉ።

# ዩክሬይን ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ዝካየድ ስርሒት ክሕይል ኣዚዛ

ግዝያዊ መራሒ ዩክሬን ነቶም ኣሸበርቲ ኢሉ ዝገለጾም ኣብ ምብራቕ ሃገሩ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ዕጡቓት ንምድምሳስ ተጀሚሩ ዘሎ ወታሃደራዊ ስርሒት ብዝሓየለ ክቕጽል ኣዚዞ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ትእዛዝ'ዚ ዘመሓላለፈ፡ ሓደ ፖለቲከኛ'ታ ሃገር ብኣሰቃቒ ግፍዒ ተቐቲሉ ድሕሪ ምርካቡን ሓንቲ ኣብ ከባቢ ዝነበረት ኣፉራት ወግእ'ታ ሃገር ድማ ብዝተተኮሰት ጥይት ድሕሪ ምህራማን እዩ።

ጸብጻባት ከምዝመልክትዎ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዩክሬን ምፍሳስ ደም



## ዜና ብሓጺሩ

ኣቦላት ህይወት ኣድሕን ደቡብ ኮርያ ካብታ ዝሓለፈ ሰንበት ዝጥሓለት መርከብ ግዳያት ንምውጻእ ሓያል ጻዕሪ ኣብ ዘካይዱሉ ዘለዉ እዋን፡ ቁጽሪ ናይ'ቲ ተረኺቡ ዘሎ ሬሳታት 150 ከምዝበጽሐ ሰብመዚ'ታ ሃገር ሓቢሮም። ኣብ ክፍሊታት ናይ'ታ ጠሊቓ ዘላ መርከብ ሓያለ ሬሳታት ይርከብ ከምዘሎ ዝጠቐሱ እቶም ሰብስልጣን፡ ኣብቲ ከባቢ ብዘሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየር እቲ ናይ ምድሓን ማስርሕ ይደናና ከምዘሎ ኣረዲኦም። ብመሰረት'ቶም ሰብስልጣን፡ እታ መርከብ፡ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ምንባርም ዝተኣገረለም 323 ተሳፈርቲ ሒዛ ኣብ እተምርሓሉ ዝነበረት እዋን'ያ ብሰንኪ ሸለልትነት መራሒታ ክትጥሕል ክኢላ። ካብኣቶም እቶም ሓደ ርብዒ ጥራይ ብህይወት ክድሕኑ ከምዝኻኣሉ ድማ ወሲኾም የመልክቱ።

***

መራሒ ኣመሪካ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ፡ ኣብ ኣርባዕተ ሃገራት ዞባ ፓስፊክ ኤሲያ ዑደት ናይ ምክያድ መደቡ ብጃፓን ፈሊምዎ። እቲ ፕረዚደንት ብረቡዕ ምሸት ቶክዮ ከምዝኣተወን ምስ ሰብስልጣን'ታ ሃገር ኣብ ሓያለ ጉዳያት ዘተኮረ ዝርርብ ከካይድ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ኦባማ፡ ናይ ጃፓን ዑደቱ ፈጺሙ ናብ ደቡብ ኮርያ፡ ማለዥያን ፍሊፒንስ ከምርሕ ምኻኑ'ውን እቲ ዝዘርግሐ ዜና የረድእ። እንተኾነ እቲ ዘካይዶ ዘሎ ዑደት ካብ ሓያለ ዜጋታት'ተን ሃገራት ተሪር ተቓውሞ ከጋጥሞ ጀሚሩ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብፍላይ ኣብ ፍሊፒንስ፡ ንፖሊሲ ኣመሪካ ኣብቲ ዞባ ዝቃወሙ ኣሽሓት ዜጋታት ናዕቢ ከምዝፈጠሩን ምስ ፖሊስ'ታ ሃገር ከምዝተጋጨዉን ይግለጽ ኣሎ። ፕረዚደንት ኦባማ ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ዑደት ዘካይድ ዘሎ፡ ሃገሩ ብጉዳይ ዩክሬን ምስ ሩሲያ ናብ ዘይተደልየ ወጥሪ ኣብ እተምርሓሉ ዘላ እዋን'ዩ።

ክሳዕ ዝኽእል ኣዝዩ ወጥር ኩነታት ተኸሲቱ ኣሎ። ምስ ሩሲያ ንምጽንባር ህዝባዊ ረፈረንደም ዝጠልቡ ሓያለ ደገፍቲ ሩሲያ ዝኾኑ ዩክሬናውያን፡ ገና ንሓያለ ህንጻታት መንግስቲ ተቖጻጺሮም ከምዘለዉ'ዩ ዝግለጽ።

ንሳቶም፡ በቲ ኣመራጊ፡ ሩሲያ፡ ዩክሬንን ሕቡራት ኤውሮጳን ኣብ ጀነቫ ዝኸተምዎ ስምምዕ ሰላም ፈጺሞም ከምዘይቕበልዎ ብምግላጽ፡ ቃልሶም ክሳብ መወዳእታ ክቕጽልዎ ምኳኖም'ዮም ዘጠንቀቑ ዘለዉ።



| በዓል ተራ ቤት መድሃኒት።- | ዕለት | ኣድራሻ | ቍ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣኽርያ | 24/04/2014 | ጐደና ሸርኢት-135፡ ከባቢ ኣኽርያ | 08370238 |
| ፋርማሲ ቍ.1 ብዘይካቲ መዓልታዊ እትህቦ ኣገልግሎት ምሉእ ለይቲውን ክፍትቲ ኢያ። | | ኣድራሻ፡ ዞባ 1 ንኡስ ዞባ 02 ጐ. ናቕፋ ቍ.1። | 127565 |